# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

DEMOKRASIAWIT ERITREA
OFFICIAL ORGAN OF E.L.E.R.C

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ክልተ ወርሓዊ መጽሔት

ፍሉይ ሕታም ሓምለ 2006


# ፍሉይ ሕታም

## 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ




## 23-27 ሓምለ 2006

**ትሕዝቶ** **ገጽ**

1. ርእሰ-ዓንቀጽ
   ብዛዕባ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
   ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ስራሕ ዝግበር ድህሰሳ ........................1-5

2. ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ
   ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ..............................................................6-8

3. ፖለቲካዊ ጸብጻብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ
   ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ..........................................................9-13

4. ፖለቲካዊ ውሳኔታት ...............................................................13

6. ዜናዊ ጸብጻብ ....................................................................14-16

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ብዛዕባ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ስራሕ ዝግበር ድህሰሳ ንግሉጽነት

ካብ'ቲ ብ1971 ዓ.ም እተኻየደ ቀዳማይ ሃገራዊ ጕባኤ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ክሳዕ'ዚ ብ2006 ብሓንቲ ሱር ካብ ሰራውር ተሓኤ ዝኾነት፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝተኻየደ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤ፥ ብደረጃ ሃገርን ዞባን ዓለምን፡ ዓበይቲ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ለውጥታት ተመዝጊቦም ኢዮም። ካብ'ቶም ዝተመዝገቡ ርኡያት ለውጥታት፡ እቲ ብዝሑል ውግእ ዝፍለጥ፡ ኣብ መንጎ ዴሳውን ርእሰማላውን ዓለም ዝነበረ ቃልሲ ምኽታሙ፥ ኣብ ምዕራባዊ ደምበ ዝነበረ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ስነ-ሓሳባውን ግጥምያ ደው ምባሉን፥ ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ናይ'ቲ ታሪኻዊ መድረኽ'ቲ ኣሰራት ምልጋሱን፤ ኣብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝነበረ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ስነ-ሓሳባውን ክውንነት ብናይ ኣመሪካ ፖሊሲታትን ናይ ርእሰማላውያን ክለሳ-ሓሳብን ዝምራሕ ወይ ብኡ ዝምእዘዝ ምዃኑን ኢዩ። ብደረጃ ኤርትራ ከኣ፡ ናይ ሰውራ ስነ-ሓሳብ፡ ድሕሪ ናጽነት ምኽታሙ፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ትሕቲ ንጻውዒት ሃገራዊ ስኒት ዘይቕበል፡ ንናይ ሰውራ ናይ ቃልሲ መሻርኽቱ ዘየሳትፍ ጽልዋ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ናይ ሎሚ ህግዲፍ) ዝዓብለሎ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ፡ ብ1993 ኤርትራ ናጻ ሃገር ኰይና። ብደረጃ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከኣ፡ ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ንዓንዲ ሕቘኣ ዝሰበረ ምፍንጫላትን ምክፍፋላትን፡ ብዙሓት ዓቕመን ድሩት ዝኾና ዝንባሌታትን ክፍልታትን ኰይና ምትራፋ ክጥቀስ ይከኣል። እቲ ንተሓኤ ዘጋጠመ ቅልውላዋት፡ ብፍላይ ድሕር'ቲ ኣብ መንጎ ተሓኤን ህግሓኤን ኣብ ሰማንያታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ዝተወልዐ ውግእ ዘጋጠማ ውድቀት፡ ክሳዕ'ዚ ብ2003 ዓ.ም ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተጋህደ፡ እሞ ዓሚቝ ዝኾነ ፍልልይ ይኹን ርእሶም ዝኸኣሉ ውድባት ንምዃን ዘገድድ ምኽንያት ዘይብሎም ግንባራት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ተሓኤ ሃገራዊ ጕባኤን ንምፍጣር ዘስዓበ ምፍንጫላት ቀጸለ። ብ1971 ዝተኻየደ ቀዳማይ ሃገራዊ ጕባኤ፡ ንሃገራዊ ናጽነት ዝዓለመ፡ ንውሽጣዊ ኤርትራዊ ኵነታት ብዓመጻዊ ኣገባብ ክሰርዕ ዝህቅን ናይ ጸጋም ጽልዋ ዝዓብለሎ ሓርነታዊ ሰውራ ኢዩ ነይሩ።

ብ2006 ዝተኻየደ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ግን፡ ንበደልን ዲክታቶርነት ኣልጊሱ፡ ስኒትን ፍትሕን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ንምስፋን ዝዓለመ ፖለቲካዊ ለውጥታትን ዳግመ-ህንጻን ንምርግጋጽ ኢዩ ተበጊሱ። ወይ ድሌት ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ክበሃል ይከኣል'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ብመንጽር ብድሆታቱን ነገራውን ሰብኣውን ዓቕምታቱን ክርአ እንከሎ፡ ካብ'ቶም ክልተ መድረኻት ኣየናዮም ኢዩ ከቢድ? ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ዝካየድ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሰውራ ምምራሕ ድዩ? ወይስ፡ ንህልዊ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሃለዋት ንምቕያር ካብ ደገ ፖለቲካውን ምናልባት ውን ወተሃደራውን ዝንባሌ ዘለዎ ሰልፊ ምምራሕ ኢዩ? ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህልዊ ፖለቲካዊ ሃለዋት፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዝርከብ ሕብረተሰባት ንላዕሊ፡ ንውሽጣዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ዝጠልብ ኵነታት ምዃኑ ኣብ ግምት እንተደኣ ኣእቲና፡ ዘለናዮ መድረኽ ካብ መድረኽ ቃልሲ ምእንቲ ናጽነት ዝጸንከረ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኰነን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኤርትራ፡ ብደረጃ መንግስቲ ይኹን ብደረጃ ተቓውሞ፡ ኣብ ፍልይ ዝበለ ኵነታት ስለእትርከብ ኢያ። እዚ ኰይኑ እቲ፡ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ ኵሉ ዝተረጋገጸ ታሪኻዊ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ስነ-ሓሳባውን ለውጥታትን፤ ኣብ መስርሕ ናይ'ዛ ዘለናይ ዓለም ዘለዎ ተጽዕኖታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ሕቶታት ኣልዒሉን ገምጋማት ኣንቢሩን ኢዩ።

**ጕባኤን ኣካቢብዎ ዝርከብ ዞናዊ ኩነታትን፡-**

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ጕባኤኡ ኣብ ሱዳን ክካይድ'ዩ ዝብል ግምታት'ዩ ነይርዎ። እንተኾነ ግን፡ ከም ባህርያዊ ውጽኢት ናይ ዘይተረጋግአ ወግዓዊ ፖለቲካዊ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን፤ ከምኡ፡ውን፡ ኤርትራ፡ ንመንግስትን ንተቓወምቲ ሽንኻት ግንባር ምብራቕ ሱዳንን፡ ንምትዕራቕ መንጐኛ ክትከውን ናይ ዘርኣየቶ ጽቡቕ ድሌትን፤ ኣብ መንጎ መንግስታት ክልቲአን ሃገራት ዝማዕበለ ልዝብ ንደረጃ ዝምድናታተን ስለዘመሓየሸ፡ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሱዳን ክካየድ ይኽእል'ዩ ንዝብል ዝነበረ ግምታት ኣህሲስዎ። ምቕያር ወግዓዊ መርገጽ ሱዳን፡ ኣብ ልዕሊ ትካላት ተቓወምቲ ሓይልታት፡ ብቀዳምነት ከኣ፡ ውድባዊ ጕባኤታት ኰነ ናይ መስመሪ ጕባኤታት ኣብ መሬታ ከይግበር ምእጋዳ፡ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ካልኦት ተቓወምቲ ሓይልታትን ኣብ መቓቕሮ ዘእተወ ሓድሽን ሃንደበታውን ምዕባለ ነበረ። እንተኾነ ግን፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምዕባለታት ክመጽእ ይኽእል'ዩ ኢሉ ገሚቱን ቀጸራ ሒዙን ከምዝጸንሐ ዘምስል ስጕምታት ክወስድን፡ መተካእታት ንምርካብ ክጓየን ተራእየ። በዚ ከኣ፡ ጕባኤኡ ኣብ'ቲ ተወሲንሉ ዝነበረ ዕለት 23.07.2006፡ ግን ኣብ ካርቱም ዘይኰነስ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንምክያዱ በቕዐ። እዚ ውድብ'ዚ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ብድሆታት ዝተጠቕመሉ ናይ ቅድም ተመኵሮ ዘለዎ ውድብ ጥራሕ ዘይኰነስ፥ ጕባኤኡ ኣብ ሓደ ቦታ ንምክያድ ዘየኽእል ኩነታት ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን፥ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ምስ ኩነታት ጨናፍሩ ዝሰማማዕ ጕባኤታት ኣብ ሓድ ግዜ ናይ ምክያድን፤ ነቲ ውጽኢታት ናይ ዝተፈላለዩ ጕባኤታቱ ናብ ሓደ ማእከል ናይ ምጥርናፍን፤ ናይ ምሉእ ውድብ ናይ መጻኢ ራእይ ወይ መደብ ዕዮ ናይ ምግባሩን ተመኵሮ ዘለዎ ውድብ ውን ኢዩ። ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ ኩነታት ግን፡ ካብ ድሌቱ ወጻኢ ዝኾኑ ረቛሕትታት ከስዕብሉ ካብ ዝኽእሉ ጕድኣታት ዘድሕኖ መደባት ኣቐዲሙ ተሊሙ ናይ ምጽናሕ ፍልይ ዝበለ ክእለት ከምዘለዎ ውን ደጊሙ ኣርእዩ ኢዩ። በዚ ከኣ፡ ግዜ ብምኽሳብ፡ ንህጹጽ ምዕባለታት ንምግጣም ዘብቅዖ ልዑል ዓቕሚ ከምዘለዎ ኣመስከረ። ቅድሚ ሕጂ፡ ኣብ ዘቕረብክዎ ጽሑፋት፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ 2004 ኣትሒዙ፡ ምስ ወግዓዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ጽቡቕ ዝምድናታት ክፈጥርን፤ ነቲ ኣብ 2002 እተኻየደ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ እተፈጥረ ተሃዋሲ ፍልልያት ከምዝሰገሮን ኣሚተ ነይረ ኢየ።

**ከይዲታት ጕባኤ፡-**

ንማእከል መጽናዕቲ ቀርኒ ኣፍሪቃ ወኪለ፡ ንምሉእ መስርሕ ናይ ጕባኤ ከም ተዓዛቢ ኰይነ ተሳቲፈ ኢየ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣባላቱ ዘይኰኑ ናጻ ተዓዘብቲ፡ ብኵሉ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣኼባታት ንተዓዘብቲ ዝውሃብ ፍሉጥ መሰላት፡ ኣብ ኵሉ ከይዲ ናይ'ቲ ጕባኤ ንምስታፍና ዝወሰዶ ተበግሶ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ፡ ሓድሽ ተመኵሮ'ዩ ነይሩ። በዚ ከኣ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብተግባር ንኹለን ካልኦት ፖለቲካዊ ሓይልታት ብምቕዳም፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ሓድሽን ጥዑይን ተርእዮ ኣትኣታትዩን ኣመዝጊቡን ኢዩ። ንሕና፡ ነቲ ዕድመ ድሕሪ ምቕባልና፡ ብዛዕባ ተኣማንነት ናይ'ቲ ውድብን ኣብ መርገጻቱ ዘለዎ ብሩህነት ዘሎኒ ኣፍልጦ፡ ምስ ካልኦት ዝሰማማዕ ይኹን ዝፈላለ ብዘየገድስ፤ ሓደ ኤርትራዊ ውድብ፡ ኣብ ነፍሱ ይኹን ኣብ ካልኦት ዘለዎ እምነት ብዘየገድስ፤ ኵሉ እዉጅን ምስጢራውን ጕዳያቱ፡ ኣባላቱ ዘይኰኑ ተዓዘብቲ ኣብ ዝርከብዎ ኣኼባ ብግልጽነት ክዛረበሉን ክካትዓሉን ኢዩ ዝብል ትጽቢት ፈጺሙ ኣይነበረንን። እንተኾነ ግን፡ እቲ ግብርን እቲ ቃልን ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ሓደ ኰይኑ ረኺበዮ። በዚ፡ ንሕናን ካልኦት ናጻ ዝኾኑ ኤርትራውያን ተዓዘብቲ፡ ብዘይካ'ቲ ንወተሃደራውን ገንዘባውን ጕዳያት ዝምልከት ጸብጻብ፡ ካልእ ብሰውራዊ ባይቶ ዝቐረበ ጸብጻብ ናይ ዝሓለፈ መድረኽን፡ ንጥፈታት ናይ'ቲ ጕባኤን፡ ካብ ኣልፋ ክሳብ ኦሜጋ ክንሳተፎ ተፈቒዱልና ኢዩ። ኣብ'ቲ ተሳተፍቲ ናይ ጕባኤ መን ምዃኖም ብስም እናተጸውዑ ንጕባኤኛታት ዝፋለጥሉ፡ ቀዳማይ ወግዓዊ ኣኼባ ውን ተሳቲፍና። በዚ፡ ኣባላት ጕባኤ ካብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም፡ ማለት ካብ ኵለን ኣውራጃታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካብ መብዛሕትአን ሃገራት ኣውሮጳ፡ ካብ ፍሉጣት ከተማታት ኣውስትራልያ፡ ካብ ስዑዲ ዓረብን ሱዳንን ኢትዮጵያን ዝመጹ ምዃኖም ተገንዚብና። ካብ ካልኦት ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ካብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ብፍላይ ድማ ካብ ግብጽን ሱርያን ዝመጹ ተሳተፍቲ ግን ኣይነበሩን። እዚ፡ ምናልባት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘይብሉ ቦታታት ወይ ድማ፡ እቲ ካብ ካርቱም ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝተገብረ ምቕያር ናይ ቦታ ዝፈጠሮ ናይ ቪዛ ሕልኽልኻት ውን ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ብድሕር'ዚ፡ ናይ 5 ዓመታት ጸብጻብ ናይ'ቲ ውድብ

ጸብጻባት ዝተኻየደ ናጻን ግሉጽን ሓላፍነታውን ክትዕን ልዝብን፥ ዝቐረበ ሕቶታትን ዝተዋህበ መልስታትን ሰሚዕና። እቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ በቲ ቅድም ክብል ዝጠቐስናዮ ፍልልያትን ናይ ምፍንጫል ተረኽቦን፤ ከምኡ ውን፡ ብመስዋእቲ ኣቦ መንበር ውድብ ዝነበረ ስዩም ዑቑባሚካኤል ክጽሎ ግድን'ኳ እንተኾነ፤ ኣብ'ቲ ቀንዲ ጉዳያት ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሜዳ ዘተኰረ ኢዩ ነይሩ። እቲ ጸብጻብ፡ ምስ ብዙሓት መንግስታዊ ኣካላትን፥ ብጉዳያት ኣፍሪቃን ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ከምኡ ውን፡ ብጉዳያት ስደተኛታት ዝግደሳ ትካላትን ኣብ ኣመሪካን ኣውሮጳን ዝተገብረ ርክባትን ዝተሓፍሰ ዓወታትን ዝጠቕስ'ዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ጸብጻብ፡ ብዛዕባ ገዳይምን ሓደስትን ኤርትራውያን ስደተኛታትን፤ ጉዳይ ካብ ኤርትራ ዝሃድሙ ዘለዉ መንእሰያትን፤ ነዚ ዥነታት'ዚ ኣብ ምግጣምን፤ ነቶም መንእሰያትን ኣብ ምእላይን ሽግራቶም ኣብ ምቅላልን ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ካልኦት ተቓወምቲ ውድባትን ዘጋጥም ዘሎ ብድሆታት ብዝርዝርን ብተገዳስነትን ዝገልጽ ጸብጻብ ነበረ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ማእከል'ቲ ጉባኤኛ ኮፍ ኢልና፡ ውድባዊ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ስርዓትን ክንበብን፥ መሪሕነት፡ ኣብ ዝገበሮ ገለገለ ምምሕያሻትን ዘቕረቦ ርእይቶታትን ክትዕ ክካየደሉን ሰሚዕና። ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ወረቐት ወይ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ እንተላይ እቲ ሰውራዊ ባይቶ ዘተኣታተዎ ዘይምእኩል ስርዓተ-ምሕደራ፡ ማለት፡ ናይ ማእከላይ መንግስቲ ስልጣን፡ ንኣውራጃታትን ወረዳታትን ዓድታትን ከተማታትን ዘካፍል ስርዓተ-ምሕደራ ዝብል ሓድሽ ኣቕጣጫ ውን ክትዕ ክካየደሉ ከሎ ተዓዚብና። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት፡ ነቲ ዝቐረበ ሓሳብ ዝነቕፍ፡ ፈደራሊዝም ወይ ብሄር ናብ ናይ ምግንጻል መንገዲ ዝመርሕ'ዩ ዝብል ርእይቶ ከይተረፈ ዘጠቓለለ፡ ክብ ዝበለን ስነ-ፍልጠታውን ክትዓት ተኻይዱ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ውድብ ክኽተሎ ዝጸንሐ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብታዊ ዝብል ፖሊሲ ብናጻ ዕዳጋ ዝብል ናይ መጻኢ ናይ ምጣነ-ሃብቲ ፖሊሲ ዝትክእ ሓድሽ ኣርኣእያ ክትዕ ተኻይዱሉ። ኣብ ክሊ'ዚ ዓሚቕ ክትዕ ዝተኻየደሉ ኣብ ዓለም ንዝርኣዩ ዘለዉ ለውጥታት ዘካተተ ብክኢላታት መጽናዕቲ ዝተገብረሉ ናይ ናጻ ዕዳጋ ፖሊሲ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ድኻታት ክፍላት ናይ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ጉድኣት ከየውርድ ስግኣቶም ዝገልጹ ብርክት ዝበሉ ወድዓውያን ርእይቶታት ካብ ጉባኤኛታት ቀሪቦም። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ፡ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ነቲ ክትዕ መዕለቢ ገይርሉ። ኢብራሂም፡ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ቍጠባዊ መስርሕ ኣብ ሰለስተ መሰረታውያን ባእታታት፡ ማለት ኣብ ምምሕዳርን ምንጪ ሃብትን ርእሰ-ማልን ኢዩ ዝምርኰስ ኢሉ። ኤርትራ ብቕዓት ዘለዎ ቍጠባዊ ምምሕዳርን እኹል ምንጪ ሃብትን ክህልዋ ይኽእል ኢዩ፤ ግን፡ ኤርትራ ኣካል ናይ'ተን ድኻታት ሃገራት ስለዝኾነት እኹል ርእሰ-ማል የብላን ብምባል መብርሂ ሂቡ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ኤርትራ፡ ዕዳጋታታ ንናይ ወጻእን ሃገራውን ርእሰ-ማል ክትከፍት ይግብኣ ኢሉ። ናይ ወጻኢ ርእሰ-ማል ንምስሓብ ብሩህን ተዓጻጻፍን ሕግታት ምህላው ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ረቛሒቲ ምዃኑ ውን ገሊጹ። ስለ'ዚ፡ ዋሕስነት ናይ ሕብረተ-ሰብን ሃገራዊ ርእሰማልን ዘረጋግጽ፡ ክእለት ዘለዎ ምምሕዳራዊ ዓቕምን ቅኑዕ ቍጠባዊ ፖሊሲታትን ምውናን ኢዩ ብምባል ደምዲሙ።

ጉባኤ፡ ንጉዳይ ዋንነት መሬት ኣብ ኤርትራን፡ ብስርዓት ኢሳያስ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰታትን ዘይሕጋዊ ምምንዛዕን ብዕምቈት ተመያይጥሉ። ጉባኤ፡ መሬት ኣብ ኢድ ህዝቢ ክጸንዕ ከምዘለዎ ድሕሪ ምርግጋጽ፤ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ዘይሕጋዊ ምምንዛዕ ናይ መሬት ኰኒኑ። እዚ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣብ'ቲ ጉባኤ ዝጸደቐ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ፡ እቲ መንግስቲ ካብ ዋናታቱ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ዝመንዝዖ መሬት፡ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ክምለስ ከምዘለዎ ውን ወሲኑ። እዚ ክውሰን እንከሎ ግን፡ ኣብ ግብሪ ኣወዓዕላኡ ብዙሕ ጸገማት ክፈጥር ከምዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ገለገለ ካብ'ቲ መሬት ንንኡሃት ዜጋታት ኢዩ ዝሸየጥ ዘሎ። እዞም ዜጋታት እዚኣቶም ከኣ፡ ኣብ'ቲ ዝገዝእዎ መሬት ብዙሕ ተወሳኺ ገንዘብ ኣውጺኦም ይሓርስዎ ወይ ድማ ኣባይቲ ይሃንጽሉ ስለዘለዉ ኢዩ።

ጉባኤ፡ ኣስዒቡ፡ ነቲ ብሰውራዊ ባይቶ ዝቐረበ፡ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናብ ፖለቲካዊ ሰልፊ ዘሰጋግር ፖለቲካዊ ወረቐት ወይ መጽናዕቲ ተመያየጠሉ። እቲ ናብ ሰልፊ ምስግጋር ዝብል መደብ፡ ብመሰረት ፈጻሚ ሽማግለ ቅድም ክብል ዘቖማ ናይ መጽናዕቲ ኮሚቴ ዝቐረበ ለበዋታትን ርእይቶታትን ዝሓዘለ ነበረ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝተኻየደ ክትዕ፡ ኣብ መንጐ ለውጢ ዝደልን ነቲ ዘሎ ክቕጽል ዝደልን፤ ኣብ መንጐ ኣወንታታቱ ዝርኢ ሸነኽን፡ ኣብ መንጐ ኣሉታታቱ ዝርኢ ካልእ ሸነኽ ክኸውን ባህርያዊ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ናይ ለውጢ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘይምኽኣሉ ብዘየገድስ፥ ዘሎናዮ

መድረኽ "ተጋድሎ ሓርነት" ዝብል ስም ዝጸውር ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ከኣ፡ ቃልስና ምእንቲ ፖለቲካዊ ለውጢ ደሓ/ምበር፡ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣይኰነን ዝብል ነጥበ-ክትዕ ኣፅጋቢ ኰይኑ ተረኺበ። ስዒቡ፡ እቲ ሰልፊ፡ ሕጂ ካብ ጉባኤ ይተኣወጅ ዝብልን፤ ኣይኰነን፡ ነቲ ምስግጋር ናብ ሰልፊ ዘቐረበት ናይ መጽናዕቲ ኮሚቴ እትድግፎ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ድሒሪ ጉባኤ ዝብል ርእይቶን ምይይጥ ተኻየደ። ኣብ መወዳእታ፡ ምስ ተቓወምቲ ውድባትን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ብምምይያጥ፡ ነቲ ሰልፊ ምምስራት ዝብል ሓሳብ ዝድግፍ ሰፊሕ ባይታ ንምፍጣርን፤ ኣብ'ቲ ዝምስረት ሰልፊ ክጽንበሩ ክንጽውዖም ዘይኰነስ፡ ኣብ ምምስራቱ ክሳተፉ ንምግባሮምን ግዜ የድሊ'ዩ ዝብል ርእይቶ ተቐባልነት ረኺበ። እንተኾነ ግን፡ ካልኦት ውድባትን ጉጅለታትን ይቀበልዎ ኣይቀበልዎ ብዘየገድስ፡ እቲ ሰልፊ፡ ንካልኦት ሓዊሱ ይኹን ወይ ድማ ኣብ ኣባላቱ ጥራሕ ፍጻሚታትን ንጥፈታትን ሰሚዕና፤ ሰክረታርያ ናይ ጉባኤ ክትምረጽ ከላ ተኸታቲልና፤ ብዛዕባ'ቲ ዝቐረበ ተመርኲሱ፡ ኣብ ክሊ'ቲ እተወሰነሉ ግዜ ክምስረት ከምዘለዎ ጉባኤ ኣረጋገጸ። እዚ፡ ስጉሚ ብስጉሚ፡ ንኻልኦት እናሳተፈ ናብ ምምስራት ሰልፊ ዘሰጋግር ፕሮግራም ውን፡ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ዝወሰዶም ሓደስቲ ተበግሶታት ወይ ሓደስቲ ምህዞታት ሓደ ምኳኑ ዝእመን ኢዩ። ከም ባህርያዊ ውጽኢት ናይ ኣብ ኵሉ ጉባኤታት ዘጋጥም ናይ ኣስማት ምቅይያር መስርሕ፤ ኣብ 6ይ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ውን፡ ምስ ካልኦት ውድባት፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ናይ ምስምማዕ ተኽእሎ ስለዘሎ ድዩ ምእዋጅ ናይ ሰልፍና ነሰጋግሮ ዘሎና? ከምኡ ውን፡ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ መደብ ዕዮን ናይ ሰልፊ መደብ ዕዮን ብሓደ ግዜ ምክያድ ወይ ምምሕዳር ይከኣል ድዩ? ዝብሉን ካልኦት ሕቶታትን ቀሪቦም ኢዮም። እቲ ዝሓለፈ መሪሕነት፡ ምስ ካልኦት ውድባት ዝተበጽሐ ስምምዕ ከምዘየለ፡ እቲ ናብ ሰልፊ ናይ ምስግጋር ውሳኔ ካብ ኣድላዩነቱ ጥራሕ ከምዝብገስ ብምግላጽ፡ ነቲ ምእዋጅ ናይ ሰልፊ ክጸንሕ ኣለዎ ዝብል ዝቐረበ መደብ ደገፉ ኣረጋገጸ። በዚ፡ ምምስራት ናይ ሰልፊ፡ ምስ ካልኦት ውድባትን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ኣብ መጻኢ ምስ ዝግበር ልዝባት ኢዩ ተገዲፉ። ኣብ መደምደምታ ድማ፡ ግባኤኛ ምሉእ ብምሉእ ነቲ ብሰውራዊ ባይቶ ዝቐረበ ሓሳብ ተቐቢልዎ።

ብድሕር'ዚ፡ 33 ኣባላትን 4 ተጠባበቕትን ዝምረጽሉ መስርሕ ምርጫ መሪሕነት ወይ ሰውራዊ ባይቶ መጸ። ጉባኤ፡ ነዚ ናይ ምርጫ መስርሕ እተካይድ 9 ዝኣባላታ፡ ኣነ ውን ከም ሓደ ካብ'ቶም ኣብ'ቲ ጉባኤ እተሳተፉ ተዓዘብቲ ጥራሕ ዘይኰነስ፥ ኣቦ መንበራ ኰይነ ዝመራሕክዋ ናይ ምርጫ ኮሚቴ ኣቘመ። ከምኡ ውን፡ ንመስርሕ ምርጫ ንምምሕዳርን ብደቂቑ ንምክትታልን ዕድል ተዋህበኒ። እቲ መስርሕ ምርጫ ንጹህን ናጻን ግሉጽን ምንባሩ ንምግንዛብ ከኣ፡ ውጽኢቱ ኣብ'ቲ ህዝቢ ብብዝሒ እተሳተፎ ንመዕጸዊ ጉባኤ እተዳለወ በዓል ብኣምራጺት ሽማግለ ምእዋጁ ምጥቃስ ጥራሕ ኣኻሊ'ዩ ዝመስለኒ። ጉባኤኛታት፡ ብሓሳብ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም፡ ብናቶም ኣገባብ ዲሞክራሲ ኣብ ናይ ስደት ሃገር ኣብ ግብሪ ይትርጒሙ ከምዘለዉ ኰይኑ እናተሰምየምን ናጻን ርጉእን መጻኢ ክኾነሎም እናተመነዩን፡ ነቲ ብቐዳምነት ናይ ምርጫ ወረቐት ዝተዓደለን፤ ነታ ናይ መጀመርያ ናይ ምርጫ ወረቐት ኣብ ናይ ድምጺ ሳጹን ዘእተወ ሓው ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ደው ኢሎም ብጣቕዒት ተቐበልዎ።

**ሃነጽቲ ምልክታት፡-**

1. ናይ ርእይቶ ፍልልይን፡ እንደገና ናብ ሓባር ርእይቶ ምብጻሕን፡ ናይ ካልእ ርእይቶ ምኽባርን ሓደ ኣወንታዊ መለለዪ ናይ'ቲ ከይዲ ጉባኤ ምንባሩ፤
2. ኣብ መጀመርያ፡ ናይ ርእይቶ ፍልልያት ይግሃድ፤ ስዒቡ እቲ ፍልልይ እናተጻበበ ኣብ መወዳእታ ናብ ደረጃ ምርድዳእ ምብጻሕ፡ ልሉይን ኣወንታውን ምልክት ናይ'ቲ ጉባኤ ምንባሩ፤
3. ድሕሪ ነዊሕ ክትዓት፡ ኣብ ድምጺ ንዝወርዱ ጉዳያት ብምሉእ ወይ ሓውሲ ምሉእ ድምጺ ከምዝጸድቁ ምግባር ውን ካልእ ተወሳኺ መለለዪ ምልክት ናይ'ቲ ጉባኤ'ዩ ነይሩ፤
4. ኣብ ኵሉ'ቲ ኣኼባታት፡ ካብ ትግርኛ ናብ ዓረብኛ ወይ ውን ካብ ዓረብኛ ናብ ትግርኛ ምትርጓም ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ማዕረ ወይ ሚዛናዊ ምንባሩ። እዚ ከኣ፡ ነቶም ትግርኛ ዝዛረቡ፡ እቲ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ንዓሰርተታት ዓመታት ብምስዳዶም ኣጥፊኦምዎ ዝነበሩ ኣፍልጦ ናይ ቋንቋ ዓረብኛ እንደገና ከሐድሰሎምን ከዘኻኽሮምን ምኽኣሉ። ናይ ሓባር ተረድኦ ናይ ምውናን ድሌት እንተዘይኰይኑ፤ ንሓደ ውሱን ቋንቋ ናይ ምክልኻል ትምክሕቲ ኣይረአኹን። እዚ ሚዛናዊ ኣተሓሕዛ'ዚ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ገለገለ ብጥርጡር መደባት ናይ'ቲ ንሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ናብ ትግርኛ

ተዛራባይ ንምቕያር ብዝካየድ ዘሎ መደብ ናይ'ቲ ገዛኢ ስርዓት ዝተጸልዉ ጥሩፋት ባእታታት ዘርእይዎ ዝለዉ ናይ ትግርኛ ትምክሕቲ ዝገልጽ መድረኽ፡ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ።
5. መደባት ናይ ጉባኤ ካብ ዘዐወተ ረቛሕትታት ሓደ፡ መግቢ ዝብልዓሉን ኣኼባ ዝካየደሉን መደቀስን ኣብ ሓደ ቦታ ምንባሩ ኢዩ።

**ምልክታት ናይ ሕጽረታት፡-**

ናብ ጉባኤ ዝቐረበ ናይ መጽናዕቲ ወረቓቕቲ፡ ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ጉባኤ ዝቐረበ ጸብጻብን፡ ብመሪሕነት ምምሕያሻት ተገይሩሎም ዝቐረቡ ለበዋታትን፡ ብኽልቲኡ ቛንቛታት ተተርጒሙ ዘይምቕራቡ ጉድለት ነይሩ። እዚ ከኣ ግዜ ኣብ ምኽሳብን ዘየድሊ ጻዕርታት ካብ ምግባር ከድሕን ምኸኣለ ነይሩ። ከምኡ ውን፡ ቀጥታዊ ዝኾነ ኣፍኣዊ ምትርጓም፡ ሓድሓደ ጊዜ፡ እተፈላለየን ዘይተመጣጠነን ተረድኦታት ከሕድር ዝኽእል ምዃኑ ዝስሓት ኣይኰነን። እዚ ግን፡ ነቲ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ዘጋጠማ ሃንደበታዊ ዝኾነ ናይ ቦታ ጉባኤ ምቕያር ውሳኔ ዘሕድሮ ተጽዕኖታት ኣብ ግምት እናእቶና እነንብሮ ዘሎና ትዕዝብቲ ምዃኑ ብሩህ ክኸውን ኣለዎ።

**መደምደምታ፡-**

ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ዘጋጠሞ ናይ ግዜን ቦታን ብድሆታት፤ ካብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዘሳተፎም መሰረታቱን፤ ከምኡ ውን፡ ነቲ እቲ ውድብ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ዘጋጠሞ ኣሉታዊ ናይ ምፍልላይ ኵነታት ምስጋሩን፤ ኣብ ጽንኩር ኵነታት ዘጋጠመ መስዋእቲ ስዩም ዑቕባሚካኤልን፤ ከምኡ ውን፡ እቲ ጉባኤ ዝበጽሖም መደምደምታታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብኹሉ መዐቀኒታት ዕዉቱን ስኒት ዝመልኦን ጉባኤ ኢዩ ነይሩ። ኣብኡ ተሳቲፍና ካብ ዝደሃሰስናዮ ናይ ታሕጓስን ዓወትን ስምዒታት ናይ ኣባላት ጉባኤ፡ እቲ ውድብ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዝበጽሐ ዘረጋግጽ ምንባሩን፤ ነቲ ብ4 ነሓሰ 2006 ኣብ ጀርመን ዘዳልውዎ ዓመታዊ ፌስቲቫል ንምዕዋት መዓንጣኦም ሸጥ የብሉ ከምዘለዉን ክንምስክር ንፈቱ።

**ኣብ ቅድሚ ሰውራዊ ባይቶ ተደቂኖም ዘለዉ ብድሆታት፡-**

ምስ'ቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘለዎ ባህግታት (ጥሙሓት) ዝመጣጠኑ ብድሆታት ኣብ ቅድሚኡ ተደቂኖም ምህላዎም ዘጠራጥር ኣይኰነን። ካብ'ቶም ቀንዲ ብድሆታት ከኣ፡ ነቶም ኣብ ጉባኤ ብክለሳ-ሓሳብ ደረጃ ዘረጋገጾም ጉዳያት ኣብ ግብሪ ምትርጓሞምን፤ ምስ ካልኦት ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝገብሮ ልዝብ ክብ ብምባል፡ ንስርሓት ናይ ሓይልታት ተቓውሞ ድፍኢት ብምሃብ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ብዙሕነት ናይ ባህልን ሃይማኖትን መበቆልን ኣብ ግምት ዘእቱ ብቑዕ መተካእታ ክኸውን ዝኽእል ሰፊሕ መሰረታት ከነጣጥፍ ምኽኣልን ኢዩ። ብፍላይ ከኣ፡ ነቲ ውድብ፡ ብሓደስቲ ወለዶ ናይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ተመሃሮን ምትካእ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ዓቢ ብድሆ ኢዩ። እዚ ክንብል እንከሎና፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ ድሕሪ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብሓደ ካብ'ቶም ንጡፋት ባእታታቱ ዝምራሕ፡ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ከቕውም ዝወሰዶ ውሳኔ ኣብ ግምት ብምእታው ኢዩ። እዚ ውሳኔ'ዚ ከኣ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ጉዳይ ክሳዕ ክንደይ ኣዕዚዙ ርእይዎ ከምዘሎ ዘረጋግጽ ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ከም መደምደሚ ናይ'ዚ ብሰንኪ ጸገማት ናይ መራኸቢ መሳለቲታት ናይ'ዚ ሃገር ደንጒዩ ዝመጸ መግለጽየይ፡ ብስመይን ብስም ኣብ ማእከል መጽናዕቲ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምሳይ ዝሰርሑ ብጾተይን፡ ንመሪሕነትን መሰረታትን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ጉባኤኦም ንኽሳተፍ ዝገበሩለይ ክቡር ዕድመን፥ ዘርኣዩኒ ግሉጽ ኣሰራርሓን፥ ኣብ መዓርፎ ኣዲስ ኣበባ ካብ ዝበጻሕኩሉ ህሞት ኣትሒዞም ክሳዕ እዛ መልእኽቲ'ዚ ጽሒፈ ዝውድኣ ዝገበሩለይ ጽቡቕ ኣቀባብላን ምስጋናይን መጒሰይን ክገልጽ እፈቱ።

ብማሕሙድ ዑስማን ኤሎስ eylos@maktoob.com
ኣካያዲ፡ ማእከል መጽናዕቲ ቀርኒ ኣፍሪቃ 03.08.2006

# ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ኣብ'ዚ መዓልቲ'ዚ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኰይነ ቃል ክህበኩም ምብቅዐይ ክብ ዝበለ ሓጐስ ይስምዓኒ። ብስመይን ብስም ብጾተይ ኣብ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ድማ፡ ዕድሚና ኣኽቢርኩም ኣብ መኽፈቲ ጉባኤና ክትሳተፉ ምምጻኩም ምስጋናይ ከቕርበልኩም እፈቱ። መጻኢ ጉባኤና ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ እታ እንፈትዋ ሃገርና ክኸውን ትምኒተና ንገልጽ። ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ናይ'ዚ ሰውራዊ ባይቶ ክግበር ዝወሰኖን ብግብሪ ውን፡ ኣብ መጋቢት 2005 ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝመዘዘሉን 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ምርካብኩም ድማ ዝስምዓና ሓጐስ ወሰን የብሉን።

ኣብ መስከረም 2005፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ካብ ስውእ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ናይ ስርሓ ሓላፍነት ተቐበለት። ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዛ ክሳዕ'ዛ ህሞት እዚኣ፡ ጉባኤና፡ ነቲ ህዝብና ንተግባራት ስርዓት ኣስመራ ንምቅላዕን ንትካላዊ ኣሰራርሓን ንዲሞክራስያዊ ስነ-ምግባርን ኣብ ምጥባቕ ዝተጸወቶ ግደን ዘርኣዮ ተዋፋይነትን ዘንጸባርቕ መታን ክኸውን፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለና ንጉባኤ ምድላው ዝምልከት ብዙሕ ስርሓት ኣሰላሲላ ኢያ።

ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማትናን ኣባላት ጉባኤን

ጉባኤና፡ ድሕሪ መስዋእቲ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዝካየድ ዘሎ ቀዳማይ ጉባኤ ስለዝኾነ ፍሉይ ኣገዳስነት ኣለዎ። መስዋእቲ ብጻይ ስዩም ዝገደፎ ብድሆ ቀሊል'ኳ እንተዘይነበረ፤ እቲ ውድብ ነቲ ብድሆ ንምምካት ዝተገልገለሉ ትካላዊ ኣሰራርሓ፡ ሃንፍ ከይተፈጥረ ስልጣን ብሰላማዊ ኣገባብ ናይ መሪሕነታዊ ሓላፍነታት ምቅብባል ኣኽኢሉ ኢዩ። እዚ ዝሕብሮ ነገር እንተልዩ፡ እቲ ኣብ ነዊሕ ናይ ተጋድሎ ተመኵሮና ዘስረጽናዮ ትካላዊ ኣሰራርሓ፡ ንኹሉ ዘጋጥመና ሽግራት ንምስጋር ዘኽእለና ምዃኑ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ኣጋጢሙና ዝነበረ ቅልውላው፡ ብኸም'ዚ ዝኣመሰለ ትካላዊ ኣሰራርሓ ምስጋርና፡ ዓቕምታት ውድብና ክሳዕ ክንደይ ክብ ኢሉ ከምዘሎ'ዩ ዝሕብር። ኣብ ርእሲ'ዚ ውን፡ መሰረታትና ንስውእና ናብ'ቲ ዘልኣለማዊ ቦታኡ ንምፍናው ይኹን፥ ነቲ ዘጋጠሞም መኸተታትን ሓዘንን ብጽንዓት ኣብ ምምካት ዘርኣይዎ ጅግንነት መዘና ኣይነበሮን። ከምኡ ውን፡ ምእንቲ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ንውልቃዊ ህይወቶም ንመነባብሮ ስድራ ቤቶምን በጃ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ክሽፍሉ፡ ምሉእ ግዜኦም ወፍዮም ኣብ ቅድመ-ግንባር ኰይኖም ክምክቱ ምውሳኖም፡ ምስጋናን መጐስን ዝግብኦ ሳሕቲ ዘጋጥም ኣብነትዊ ስጉምቲ ኢዩ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ጽኑዕ ህዝብና ዘወፈዮ ቀጻሊ ነገራውን ሞራላውን ደገፍ፤ ንውድብና፡ ከይሰልከየ፡ ብጽንዓትን ብተወፋይነትን ንህዝቡ ከገልግል ኣኽኢልዎ ኢዩ። እዚ ከኣ፡ ንዝያዳ መስዋእትን ተወፋይነትን ዝድርኽ ረቛሒ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

6ይ ሃገራዊ ጉባኤና መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ጉባኤታትና ኢዩ። ፍልልይ እንተልዩ ናይ ግዜን ነፍስወከፍ መድረኽ ዘምጽኦ ሓደስቲ ጠላባትን፥ ንዕኡ ንምግጣን ዘድሊ ሓደስቲ መሳርሒታትን ጥራሕ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ከተሰላስሎን፡ ተመሊሳ ንስርሓታ ክትግምግመሉ እትኽእልን፥ ጌጋታት ቅድሚ ምእካቦም ተቓላጢፋ እተእርመሉን፥ ንዝጐደላ ድማ እትምልኣሉን ናይ ሓጺር ግዜ ትልምታትን መደብ ዕዮታትን ኢያ ኣዳልያ። ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንኣባላት ውድብ ከከም ኩነታቶም ብምክፍፋል፡ ንነፍስወከፍ ክፋል ፍሉይ መዝገብ መደብትሉ። ኣብ ተመኵሮ ጉባኤታትና ተኣታትዩ ኣሎ ኢልና እንኣምነሉ ሓደስቲ ጉዳያት ከኣ፡ ኣባላት ውድብ ዘይኰኑ ተዓዘብቲ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ምስታፍ ኢዩ።

እዚ፡ ሓድሽ ተመኵሮ ኣብ ጉባኤታትና ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ናይ መጀመርያ ተመኩሮ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ውን ኢዩ። ዕላማኡ ድማ፡-

1. ካብ ተመኵሮታቶምን ክእለታቶም መታን ክንጥቀም፤
2. ንኹሉ ዓይነት ፍልልያት ዘፍቅድ ዘይምእኩል ዲሞክራሲ ንምቕባልን፥ ኣብ ክሊ ሓደ

ንዲሞክራስያዊ መሰላት ዝሕሉ ውድብ ብምጥርናፍን ንኣመባዊ ምፍንጫላት ደው ንምባል፤
3. ንኻልእ ርእይቶ፡ ዋላ ውን ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝርከብ ፍልልያት፡ ንምቕባል ወይ ምጻር ዘኽእል ሽውሃት ንምኽፋት፤
4. ሰራውር ዲሞክራሲ ኣብ ውሽጢ ውድብና ንምዕሟቕን ኢዩ።

ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማትናን ኣባላት ጉባኤን

ኣባላት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ብኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ምምሕዳራትን ኣብያተ-ጽሕፈት ፈጻሚ ሽማግለን ምሉእ ግዚኦም ኣብ ስርሓት ውድብ እተዋፈሩ ካድራትን መራሕቲ ዞባታትን (ኣብ ዞባዊ ስርርዕ ዘለዎ ቦታታት) ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ እተመርጹ ወከልቲ ጨናፍርን ብውሳኔ ፈጻሚ ሽማግለ እተሓርዩ ደገፍቲ ውድብ ዝኾኑ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኢዮም። እቲ ኣብ 5ይ ሃገራዊ ጉባኤ ብ33 ቀወምቲ ኣባላትን 3 ተጠባበቕትን ዝቖመ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብሰንክ'ቲ ዘጋጠመ ምፍንጫል ናብ 19 ቀወምቲ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ለጠቕ ኢሉ ከምዝጸንሐ ይዝከር። ድሕሪ መስዋእቲ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ከኣ ናብ 18 ወሪዱ። መጠን ተሳታፍነት ኣብ ጉባኤ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ። ቍጽሪ ኣባላት ምምሕዳርን ምሉእ ግዜኦም ኣብ ውድባዊ ስርሓት እተዋፈሩ ካድራትን 34፤ ደቂ ኣንስትዮ 13፤ ደገፍቲ ውድብ ዝኾኑ መንእሰያት 18፤ 10 ብምርጫ ዝመጹ ኣባልት ውድብ ዝኾኑ መንእሰያት፤ ብጠቕላላ ካብ ጨናፍር እተመርጹ 68፤ ብኸራት 13 ኢዮም። ጠቕላላ ድምር ጉባኤኛታት ድሕሪ'ቲ ኣብ ከባቢና እተራእየ ሓድሽ ምዕባለ ዝተገብረ ምንካይ 151 ኢዩ። ካብ'ዚ ቍጽሪ'ዚ ኣብ ቦታ ጉባኤ ዝተረኽቡ 138 ኢዮም።

ካብ ሱዳን ዝተሳተፉ ጨናፍር 8፤ ካብ ኣውሮጳ 9፤ ካብ ኣውስትራልያ 3.....፤ ካብ ኣመሪካ 6... ኢየን።

ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማትናን ኣባላት ጉባኤን

ጉባኤታት ካብ ቃልስታትን ንጥፈታትን ናይ ውድብ ዝተነጸለ ርእይቶ ዘይኰነስ፥ ውሽጣዊ ሃለዋት ናይ ውድብ ዝንጸባረቐሉ መስትያት ኢዩ። መዓልታዊ ንጥፈታትና ድማ፡ በቲ ህያው ዝኾነ ዲሞክራስያዊ መትከላትና ኢዩ ዝግዛእ። ጉባኤና ከኣ፡ ነዚ ኣብ ጽኑዕ መትከላትና ዝተመርኰሰ ዝምድናታትና ዘንጸባርቕ ክኸውን ኢዩ። እቲ ዘሻቕልን ኣብ ናይ ሕድሕድ እምነት ጉድኣታት ዘውርድ ተረኺቦታትን መዋእልን ሓሊፉ ኢዩ። ጉባኤና ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ቃልሲ ዝተራእዩ ኣወንታውን ኣሉታውን ተመኵሮታትና እንመምየሉ ናይ ምግምጋምን ምትሕስሳብን ኣገዳሲ ምዕራፍ ክኸውን ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ጉባኤና፡ ንመጻኢ መድረኽ ዝኸውን ትልምታትን ፖሊሲታትን እንሕንጽጸሉን፤ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ዘኽእሉና መሳርሒታት እንውስነሉን፤ ሓድሽ ደም እንተኣታትወሉን መበገሲ ምዕራፍ ኰይኑ፡ ኣብ'ቲ ምእንቲ ዲሞክራስን ሰላምን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝካየድ ናይ ቃልሲ መድረኻት፡ ሓድሽ መድረኽ ዝኸስት ተረኽቦ ውን ኢዩ።

ጉባኤና፡ ብሰሪ'ቲ ዘይርትዓውን ዘይቅቡልን ዝኾነ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ስርዓት ኣስመራ፡ ጭቆናን ንርእይቶ ናይ ካልኦት ዘይቕበልን ኣይዲዮሎጂ ኣብ ዝነገሰሉን፤ ርእይቶኡን መደብ ዕዮኡን ንጸቢብ ረብሓታቱ ኣብ ምርግጋጽ ጥራሕ ዘድሃበሉን፤ ንትጽቢታት ናይ ህዝብና ኣብ ምዕጋብ ዝፈሸለሉን ኩነታት ኢዩ ዝካየድ ዘሎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ፖሊሲታት'ዚ ድማ ህዝብና፡ ኣብ ናይ "ኣይሰላም ወይ ኣይውግእ" ሃለዋት ይነብርን፥ ብጥሜት ይሃልቕን፥ ንደረት ዘይብሉ ጭቆና ይሳጣሕን ኣሎ።

እዛ፡ ብማሕበራውን ባህላውን ቋንቋውን መበቆላውን ፖለቲካውን ብዙሕነት እትልለ ሃገርና፤ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ኣብ ትሕቲ ናይ ውልቀ-ሰብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክትነብር ኣይትኽእልን ኢያ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ሕጂ ዘሕልፎ ዘሎ ናይ ዓጽረ-ሞት ሃለዋት ድማ፡ ነዚ ሓቅታት እዚ'ዩ ዘረጋግጽ። ንኩነታት ናይ ህዝብናን ናይ ሃገርናን ብሓላፍነታዊ ዓይኒ ክርኢ ንዝደሊ ከኣ፡ ካብ ናጽነት ኣትሒዙ፡ ኣብ መንጎ ንኹሉ ጸገማት ምፍታሕ ዝተሳእኖ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን፤ ኣብ መንጎ ማሕበራውን ቍጠባውን ድሕረትን፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን፡ ህድማታት ናይ'ቶ ናይ ዳግመ-ህንጻን ልምዓትን ቀንዲ ረቛሕቲ ዝኾኑ መንእሰያትን፤ ኮታ፡ ኣብ ከባቢ ግዛነም እሳታዊ ዝኾነ ሃለዋት ኢያ እትነብር ዘላ።

እስኪ ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ፡ ኣብ ከባቢና ምስ ዘሎ ኩነታት ብምንጽጻር ንርኣዮ። ኣብ ዓለም ንሽግራቶም ብዕላማ ዘለዎ ልዝብ ክፈትሑ፤ ካብ'ቲ ንመዋእላት ዘሕለፍዎ ድሕረት

*ዘናግፎምን፤ ንህዝቦም ራህዋን ግስጋሰን ሓጐስን ዘረጋግጽ ዓቢ ቀኍጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ኣብ ሓጺር ግዜ ከመዝግቡን፤ ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሪዖም ኣብ ዘመናዊ ስልጣኔ ናይ ደቂ ሰባት ኣወንታዊ ኣበርክቶ ክገብሩን ንርኢ። ህዝብና ከኣ፡ ሃገራዊ ምልኣት ዘለዎ ዕብየትን ሓድነቱን ከረጋግጽን፥ ማሕበራዊ ፍትሒ ክረክብን፥ ተሓጒሱ ክነብርን መሰሉ ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ነዚ ንምርግጋጽ ዓቕምን ክእለትን ከምዘለዎ ውን ኣዐሪና ንፈልጥ ኢና።*

*ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማትናን ኣባላት ጉባኤን*

*ህዝብና ኣብ ትሕቲ ናይ ሓደ ውልቀሰብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራን ጭቆናን ንደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከኣ ብፍላይ፡ ንናይ ህዝብና ሽግር ንምቅላልን ንስቅያቱ ንምሕጻርን ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ሓላፍነት ክስከም ዝጠልቦ ኢዩ። ነዚ ልዑል ዕላማታት'ዚ ንምርግጋጽ ከኣ፡ ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ከማልእ ይጥለብ።*

1. *መፈላለዪ ነጥብታት ኣልጊስና፡ ኵልና ኣብ እንሰማማዓሉ ቻርተር ዝተመርኰሰ ሓባራዊ ዕዮ ምምዕባል፤*
2. *ንስርዒታዊ ቅርጻ ምምዕባልን፥ ምስ'ቲ ሓድሽ መድረኽ ዝሰማማዕ መሳርሒታትን ኣገባባትን ምንጻር፤*
3. *ኣብ ትካላውን ሕጋውን ኣሰራርሓ ምእማንን፤ ዲሞክራስያዊ ስነ-ምግባር ኣብ ኵሉ'ቲ ትካላት ከምዝሰፍን ምግባር፤*
4. *ወተሃደራዊ ክንፊታት ኣብ ኪዳን ዘለዉ ውድባት ሓደ ብምግባርን፤ ዓይነታዊ ዝኾኑን፡ ንንጥፈታት ናይ'ቲ ስርዓት ኣብ ቀንዲ ትካላቱ ዘልምሱን ስርሒታት ብምክያድ፡ ነቲ ልዑል ዝኾነ ዕላማታት ናይ ሰላምን ፍትሕን ዘንግስ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ከምዘቀላጥፍ ምግባር።*

*ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማትን ኣባላት ጉባኤን*

*ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ምስ ጉባኤ ዝተኣሳሰሩ ከም ባህላዊ ኤግዚብሽንን ናይ ሙዚቓን መደብ ዕዮታትን ንጥፈታትን ንምስንዳእ፡ ልዕሊ ኵሉ ድማ ናይ ህጻናትን መንእሰያትን ክፍሊ ሙዚቃ ንምቛም ብዙሕ ግዜ ከምዝወሰደላን ብዙሕ ጻዕሪ ውን ከምዝገበረትን ምጥቃስ ከድሊ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ድሒሩ ዝተረኽበ ንጉባኤና ዘካበበ ሓድሽ ምዕብልናታት፡ ንፍረ ጻዕርና ክንሓፍስ ኣየኽኣለናን። እዚ ሓድሽ ምዕባለ'ዚ ንኸሎ ተሰኪምናዮ ዝነበርና ጾር ኣራጊፍና፡ ኣብ ምዕዋት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ጥራሕ ከነተኵር ኢዩ ኣገዲዱና። ስለ'ዚ ብዘይካ'ቲ ናይ ሙዚቓ መደብ፡ ካልእ ኣዳሊናዮ ዝነበርና መደባት ከነቕርብ ብዘይምኽኣልና ይቕሬታ ንሓትት።*

*ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማትናን ጉባኤኛታትን*

*ኣብ መደምደምታ ድማ፡ ነቶም ዕድሜና ኣኽቢሮም ኣብ መኽፈቲ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና እተሳተፉ ኣጋይሽና ደጊምና ምስጋናናን መጐስናን ንገልጽ። ከምኡ ውን፡ ንኸም'ዚ ዝኣመሰለ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዲሞክራሲ ንምዕዛዝ ንዝውሰድ ስጉምቲ ከተባብዑን፣ ብኣገዳስነት ናይ'ዚ ሓድሽ ተመኵሮ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ኣሚኖምን፡ ክቡር ግዚኦምን ዕረፍቶምን ሰዊኦም ኣብ ጉባኤና ከም ተዓዘብቲ ክሳተፉ ዝመጹ ዕዱማትና ነመስግን።*

*እዚ ጉባኤ'ዚ ንኽዕወት ንዝተሓባበሩና ኵሉም ነመስግን። ንመንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ድማ፡ ነዚ ጉባኤ'ዚ ብምእንጋድ ኣብ ምዕዋት ናይ ጉባኤና ዓቢ ግደ ስለእተጻወቱ ክብ ዝበለ ምስጋናና ነቕርበሎም። ንህዝብን መንግስትን ሱዳን ውን ብዘበርከትዎ ቀጻሊ ደገፍ ነመስግኖም። ልዕሊ ኵሉ ከኣ፡ ነቶም ነዚ ጉባኤ'ዚ ዕዉት ንምግባር ለይትን መዓልትን ዝሰርሑን መሰረታት ውድብና ድማ ምስግናና ይብጽሓዮም።*

*ዓወት ንቃልስታት ህዝብና ምእንቲ ዲሞክራስን ሰላምን ፍትሕን*!!
*ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና*
*ኣሰናዳኢት ሽማግለ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ*
23.07.2006

# ፖለቲካዊ ጾብጻብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ
# ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ዝኸበርካ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢ ሽማግለ፡
ዝኸበርኩም ናይ ክብሪ ኣጋይሽና፡
ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኣባላት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ።

ኣቐዲመን ደጊመን ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ስዉኣትና ክብል ኣፍቕዱለይ።
ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ስዉኣትና!!
ክብርን ዝኽርን ነቲ ነዚ ናይ ሎሚ መድረኽ ክኸፍቶ እንጽበዮ ዝነበርና ምዑት ተጋዳላይ ኣቦ መንበር ውድብና ዝነበረ፡ ስዉእ ስዩም ዑቕባሚካኤል!!

በዛ መዓልቲ እዚኣ እተሓደሰ ሓያል ዝኽርታትን ጓህን ክፈታተነና ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ዓውኢለ ብስም ስውእ ስዩምን፡ ብስም መሪሕነት ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ተቓላሳይ መሰረታትናን፡ ብስመይን ኰይነ እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም፡ እንቋዕ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ኣብጽሓና እናበልኩ ናይ ኣኽብሮትን ናይ ቃልስን ሰላምታ ምስ ናይ ዓወት ትምኒታቱ ከመሓላልፍ እፈቱ። ብርግጽ ኩሉ መኣዝናት ቃልሲ ሓጕጽጕጻት ዝበዝሖ ኢዩ። ጉባኤታትና ከኣ ከምኡ። ኰይኑ ግን ንኹሉ ጸገማት ሰጊርና ነቲ ዕማም ክንዛዝሞ ምኽንና ነዚ ጉባኤዚ ክንገብር ምኽኣልና ሓደ ካብቲ መርኣያታት ዓወትና ኢዩ።

6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ኣብ መበል 35 ዓመት ናይቲ ታሪኻዊ ዝኾነ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤና ይግበር ኣሎ። ነቲ ኣብ መንጎ 2ይን 3ይን ጉባኤታትና ብሰንኪ ባዕላዊ ድኽመታት ቃልስናን ናይ ወጻኢ ምትእትታዋትን ዝባኸነ 14 ዓመታት (1975-1989) ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ እቲ ዝተረፈ ጉባኤታትና ዳርጋ ኣብ እተወሰነሉ ዕለት ይካየድ ምንባሩ በዚ ሎሚ ክንዝክሮ ዝግባእ ሓቂ ኢዩ። እዚ ናይ ሎሚ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ቅድሚ ሓደ ዓመት ክግበር ዝነበሮ ክንሱ ብገለ ተክኒካዊ ምኽንያታት ንሓደ ዓመት ተመሓላሊፉ ምንባሩ ዝዝከር ኰይኑ፡ እዚ ምድንጓይ'ዚ ኣብ ውድባዊ ሃለዋት ጸገም ከምዘየስዓበ መሪሕነት ውድብ ንጉባኤኛታት ክሕብር ግቡእ ኰይኑ ይረኽቦ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሕሉፍን፡ ህልውን መጻእን ፖለቲካዊ ቃልስታት ኤርትራ ዓቢ እጃምን ጽልዋን ዝነበሮን፡ ዘሎዎን ዝህልዎን ውድብ ከም ምኳኑ መጠን፡ እዚ ሎሚ እንጅምሮ ዘሎና ጉባኤ ብሃገራዊ ደረጃ ዝጥመት፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ተረኽቦ ኢዩ። ነዚ ፍሉይ ተረኽቦ'ዚ ብኣካል እንሳተፎ ዘሎና ኣባላት ጉባኤን ኣጋይሽን ከኣ መሰኻኽር ናይ ሓደ ኣገዳሲ ምዕራፍ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ጌርና ክንቈጽሮ ንኽእል።

6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ኣብ እንገብረሉ ሁመት፡ ዓለማውን፡ ዞባውን ውሽጣዊ ኤርትራውን፡ ውድባውን ናይ ደንበ ተቓውሞ ኵነታትን ካብቲ ብ2001 5ይ ሃገራዊ ጉባኤና ክግበር እንከሎ ዝነበረ ኵነታት ብሓያለይ መልክዓቱ ፍሉይ ነይሩ።

**ኣብ ዓለማዊ መዳይ፡-**

እቲ ንዓለምና ኣብ ንእሽቶይ ቍሸት እናቐየራ ዝመጽእ ዘሎ ዓለም-ለኸነት (ግሎባላይዘሽን ወይ ዓውለማ)፡ ኣብ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ዝያዳ ሰዲሩ፤ እቲ ዘመናዊ ናይ መራኸቢ ተክኖሎጂ ከኣ ብኣዝዩ ቅልጡፍ ዝላታት ንቕድሚት ሰጕሙ ንረኽቦ። ኰይኑ ግን እቲ ቅልጡፍ ምዕባሌታት ዓለምና፡ ንኹሉ ኣህዛብን ሃገራትን ብማዕረ ጥቕሚ ዝህብ ኰይኑ ኣይተረኽበን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ዓቢ ዝያዳ ዝዓብየሉ፡ ሃብታም ዝያዳ ዝህብትመሉ፡ እቲ ጨቋኒ ሓይልታት ዝያዳ ናይ ፕሮፓጋንዳን ጭቈናን መሳርሒታቱ ዘባልሓሉ ዓለም እናኾነ ከይዱ። በዚ ዝኣክል እቲ ኣብ መንጎ ምዕቡልን ዘይምዕቡልን ዓለም ዝርከብ ናይ መነባብሮን ናይ ኣፍልጦን ፍልልያት ኣብ ክንዲ ዝጸብብ፡ ዝያዳ እናገፍሐን ኣሰካፊ እናኾነን መጺኡ። ድኽነትን ሕማቕ መነባብሮን ኣብ መብዝሕትኡ ክፋላት 3ይ ዓለም ካብቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ዝነበሮ ዝኸፍኤ እናኾነ ከም ዝቐጸለ፡ ሓያለይ መጽናዕታዊ ሓበረታታት ኣሎ። እዚ ፍልልያት እዚ ኣብ ዓለምና ሓደ ካብቲ ምንጭታት ዘይምርግጋእን፡ ዘይቅሳነትን ሽበራን ከም ዝኾነ እውን ይእመን ኢዩ። እቲ ብቐጻሊ ዝርኤ ዘሎ ናይ "ዝፈሸላ ሃገራት" ተርእዮ ሓደ ኣብነት ናይዚ ኣሻቓሊ ፍልልያት ናይ እንነብሮ ዘሎና ብሓደ ዓብላሊ ሓይሊ

ዝምራሕ ዘሎ ዓለም ኢዩ። ብርግጽ ከኣ፡ እዚ ናይ ዓለምና ሃለዋት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንኩነታት ኤርትራ ዝጸሉ ኢዩ።

**ኣብ ዞናዊ መዳይ፡-**

ኣብ ዞናና፡ ማለት ኣብ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ እቲ ብጊዜ 5ይ ጉባኤና ዝነበረ ጕንጽታት ኣኻሊ መዓርፎ ከይተገብረሉ ይቕጽል ኣሎ። ናይ ሶማሊያ ኩነታት ብዝኾነ መዐቀኒ ከይተመሓየሸ ቀጺሉ ይርከብ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ናይ ዶብ ወጥሪ'ውን ኣብ ናይ "ኣይሰላም ኣይውግእ" ኩነታት ኢዩ ዘሎ። ኣብ ሱዳን እንተኾነ'ውን እቲ ናይ ደቡብ ሽግር ዝፍትሓሉ መንገዲ ተተሊሙ'ኳ ኣብ ጽቡቕ ክብሃል ዝከኣል ጕዕዞ እንተሃለወ፡ ኣብ ዳርፉርን ኣብ ምስራቕ ሱዳንን እተባርዐ ጸገማት ነቲ ዞናና ናይ ዘይቅሳነት ዞና ኰይኑ ከም ዝቕጽል ገይሩዎ። ኣዝዩ ዘስደምምን ዘሕዝንን ከኣ፡ ኣብዚ እተጠቕሰ ናይ ዞናና ምትፍናናትን ውግኣትን፡ ቀንዲ ተዋሳእን ሓዊ ዝኹልዕን እቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ብሓደ ሰብ ዝምለኽ ዘይሕጋዊ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ኢዩ። ነዚ ተግባር እዚ ከኣ ብዘይካቶም ገበርቱን እቶም የዋሃት ኣምለኽቲ ቲቪ-ኤረን፡ ዝተረፈ ኩሉ ዓለም ፈሊጥዎን ኰኒንዎን ኢዩ።

**ኣብ ውሽጣዊ ኤርትራዊ መዳይ፡**

ኤርትራ ነጻ ኣብ ዝወጸትሉ ሰዓት፡ ህዝብና ሓዲሽ ኣብጋግሳን ሓድሽ ህይወትን ይጽበ ነይሩ። ካብቲ ብዙሕ ሕልምታቱ ከኣ እዚ ዝስዕብ ይርከቦ ነይሩ፡-

1. ንባህግታት ሓድነትን ማዕርነትን ናይ ኩልና ኣብ ግብሪ ዘውዕል ፍትሓዊ ፓለቲካዊ ምሕደራ ምትካል።
2. ራህዋን ምጣኔ ሃብታዊ ምዕብልናን ዘቀላጥፍ መደባት ብዘይ ውዓል-ሕደርን ብዘይ ሌላን-ጕለላን ምትላም።
3. ምስ ኩሎም ጐረባብትና ስኒትን ጽቡቕ ርክብን ምምዕባል፣ (ከመይ ጐረባብቲ ሃገራት'ውን ካብቲ እተዓደልናዮ ብህርያዊ ጸጋታትና ስለ ዝኾና)

እዚ ኹሉ ግን ከይተተግበረ ዝተረፈ ባህግታት ኢዩ። ድሮ'ኳ 5ይ ሃገራዊ ጉባኤና ብነሓሰ 2001 ኣብ እተገብረሉ ወቕቲ፡ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ በቲ ሃርጋፍ ዝኾነ ፖሊሲታቱን ኣካይድኡን ስለ እተሳዕረን ዕርቃኑ ስለዝወጸን፡ ህዝቢ ኤርትራ ክፍንፍኖን ክኽዕቦን ጀሚሩ። ኣፉ ተለጕሙ ዝነበረ ህዝቢ ብዝርካቡ ንኡስ ናይ ዜና መዕከናቱ ኣቢሉ ድምጹ ኣስምዐ። ንዝሓለፈን ዝቕጽል ንዝነበረን ጌጋታት ዘስተውዓሉ ኣባላት ህግደፍ'ውን ንዝሃነጽዎ ስርዓት ዓገብ ክብሉ ተረኺቦም። እቲ ብመጠኑ ትስፉው ዝነበረ ምልዕዓላት ግን ብዙሕ ከይከደ በቲ ስርዓት ተጨፍለቐ።

ካብ 18 መስከረም 2001 ኣትሒዙ፡ ስርዓት ህግደፍ ኣንጻር ደገፍቱ-ነበርን ህዝብን ዝያዳ እተባልሐ ናይ ራዕድን፡ ሸበራን፡ ማእሰርትን መቕተልትን መደባት ሰሪዑ ኣብ ግብሪ ኣውዒልዎ። ብወርሒ መስከረም 2001 ዓለም በቲ ኣብ ኣሜሪካ እተፈጸመ ናይ በን ላደን ግብረ-ሽበራ ክትጕሂ እንከላ፡ ኤርትራ ሽኣ ብወገና በቲ ኢሳያስ ብዝፈጸሞ ግብረ-ሽበራ ኣብ ስንባዴን ሓዘንን ኣተወት። በዚ መንገዲ'ዚ ነቲ ውሽጣዊ ምልዕዓል፡ ብጨካን ስጕምትታት ሰጊረዮ እናበለ፡ ይምካሕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ብወርሒ ሚያዝያ 2002 ናይ ዶብ ጸገም ብፍርዲ እተዛዘመ መሲሉ ተራእዩ። ናይ ዶብ ብይን፡ ነቲ ዝሸገሮ ህዝብና ጽቡቕ ዜና እኳ እንተነበረ፡ ንስርዓት ኢሳያስ ግን ከም መርድእ ኰይኑ ኢዩ ወሪድዎ። ከመይ እቲ ኣብ ድፍዓት ናይ ዘይቕኑዕ ውግኣት ህግደፍ ተነቕሒቱ ዝነበረ ዓቢ ክፋል መንእሰይ ኤርትራ ንገዛኡ እንተተመሊሱ፡ ዘልዕሎ ሕቶታትን ጠለባትን ከም ዝነብሮ ንኢሳያስ ኣይተኸወሎን። ብዙሕ ከይጸንሐ ከኣዩ ነቲ "ንገዛኹም ኣይትምለሱን" ዝዓይነቱ ኣዋጅ ብዘይ መጽናዕትን ምኽርን ተቐላጢፉ ዝኣወጀ። "ዋርሳይ ይከኣሎ" ብዝብል ስም ጠሚቑ ከኣ ንምልእቲ ሃገርን ኩሉ ስድራ ቤታትን ኣብ ዝያዳ ግፍዕን፡ ስእነትን ድሕረትን ኣጥሓሎ። ናይ ዋርሳይ ይከኣሎ መደባት፡ ምስቲ ድሮ ኣብ ግብሪ ዝነበረ ተመሳሳሊኡ ዝኾነ ኣብ መዓስከር "ሳዋ" ናይ ምድንጓን ውሳኔን "ብሃገራዊ ኣገልግሎት" ዝጽዋዕ ናይ ኣስገዳድ ስራሕን ተደሚሩ ንምልእቲ ሃገር ናብ ዓቢ ቤት ማእሰርቲ ለዊጥዋ።

ስርዓት ህግደፍ ነቲ ናይ ዶብ ሕቶ እናኣመኻነየ፡ ንስልጣኑ መናውሒ ገይሩዎ ኢዩ። ብርግጽ ኢሳያስን ስርዓቱን ጀመርቲ ውግእን ግህስቲ ኣህጉራዊ ሕግን ተባሂሎም እኳ እንተተፈርዱ፡ እቲ ናይ ዶብ ሕቶ "ቀያድን ናይ መወዳእታን ብይን" እውን ረኺቡ ኢዩ። ነዚ ቅኑዕ ብያነ'ዚ ንምትግባር ከኣ ዘየሎ ሓይልን "ዕንትርና" ከተርኢ ምፍታንን፡ የማነ-ጸጋም ጸያፍ ቋንቋ

ምዝርጋሕን ዘይኮነ፡ ዲፕሎምሲያዊ ኣኽእሎን ሜላን ከም ዝሓትት ኩሉ ዓለም ዝፈልጦ ሓቅታት ኢዩ። እዚ ግን፡ ካብ ኢሳያስን ጭፍርኡን ኣይተረኸበን። በንጻሩ እኳ ድኣ ከም ቀደሙ፡ ነቲ ንኽልቲኤን ሃገራት ክራኽብን ከማኽርን ዝደለየ ልኡኻት ሕቡራት መንግስታትን ዓለምን፡ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካን ካልኦት ማሕበራትን ሃገራትን፡ ብዘሕፍር መንገዲ እናነጸገ መጺኡ። ጌና ከኣ ከምኡ ኣብ ምግባር ኢዩ ዘሎ። ዝገደደ ድማ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን እተቐመጠ ዓቃቢ ሰላም፡ ምንቅስቓስ ከሊኡዎ፡ ኣብ መወዳእታ'ውን፡ ከምቲ ናይ ሰዳም ሑሴን ዝዓይነቱ ኣገባብ ገይሩ፡ ናይ ምዕራብ ሃገራት ካብቲ ዓቓብ ሰላም የልግሱ ኢሉ ጠሊቡ። ሎሚ እቲ ኩነታት እናጸልመተን ናይ ፍታሕ መንገድታት እናርሓቐን ክኸይድ ይርኤ ኣሎ። እዚ ሃለዋት እዚ ንጥቕሚ ኤርትራን ኤርትራውያንን ከምዘይኮነ ብዓለሙ ዝፈልጦ'ዩ። ውጽኢቱ ኣብ መላእ ዓለም፡ ነታ ብህግደፍ እትምራሕ ኤርትራ ከም እትፍንፈን ገይሩዋ፤ ካብኡ ዝኸፍእ እንተመጸውን ዘይድንገጸላ ሃገር ኰይና ትርከብ። ካብዚ ዝኸፍእ እንታይ ኣሎ?

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ እቲ ፓለቲካውን፡ ምጣነ-ሃብታውን፡ ሕብረተ-ሰብኣውን ውልቀ-ሰብኣውን ኩነታት ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ካብ ክፉእ ናብ ኣዝዩ ዝኸፍኤ ደረጃ ተሳጊሩ። እቲ ዘሎ ሃለዋት ሃገርና ኩሉ ኣባል ጉባኤ ዝፈልጦ ብምኳኑ ንዕኡ ንምዝርዛር ጊዜ ኣይንበልዕን። ብሓጺሩ ግን እቲ ኣስካሕካሒ ኩነታት ኤርትራ በዚ ቃላት እዚ ክግለጽ ይከኣል፡- ንሱ ኸኣ፡

- ኢሳያስ በቲ ንናይ ካምቦድያ ፖልፖት ዘዘኻኽር መደባቱ፡ ነቲ ብዓቢ ዋጋ እተጠርየ ክብሪ ኤርትራውነት ቀንጢጡ፡ ንጅግና ህዝብና ናብ ፓለቲካውን፡ ሰብኣውን መሰል ዘይብሉ እኩብ እስረኛ ለዊጥዎ።
- ንሓድነቱ ዘሪጉ፡ ዘይፋቖር ህዝቢ ክገብሮ ዝተረፎ የልቦን።
- ምስ ኩሎም ጐረባብቲ ኣፋሊሱዎ፣
- እቲ መንእሰይ ወለዶ፡ ናይ ትምህርትን፡ ምዕባለን ስራሕን ዕድሉ ስለእተዓጽወ ካብ ሃገሩ ንስደት ዝመርጸሉ መዋእል መጺኡ።
- ክልተ ሲሶ ህዝብና ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ ድኽነት ኢዩ ዝርከብ።
- ካብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ዋላ እውን ንስሙ ነጻ ፕረስ ዘይብላ እንኮ ሃገር ኤርትራ ሃገርና ኮይና በዚ መዳይዚ ድሕሪ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ እያ እትስራዕ።
- ዘይተኣደነ፡ ዓቕሚ እዛ ድኻ ሃገርና፡ ማለት፣ እቲ ዝለዓለ ሚእታዊት ናይ ሃብታ፣ ኣብ ወተሃደራዊ ስርሓት ከም እተጥፍኦ መጽናዕትታት ዘረጋገጾ ሓቂ እዩ። ከምኡ ኸኣ ኤርትራ ብመጠን ህዝባ ክግመት ከሎ ዝለዓለ ቍጽሪ ዜጋታታ ኣብ ውትህድርና ዘጽመደት ሃገር ኢያ። ብደረጃ ትምህርትን ክንክን ጥዕናን ካልእ ኣገልግሎታትን ግን እታ ዝተሓተት ኣብ ዓለም ምኻና ዘገርም ኣይኮነን። እዚዩ ሓደ ካብቲ ስእልታት ናይ ህግደፍ ኤርትራ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኢሳያስን እቲ ጸቢብ ጉጅለ ህግደፍን ንኤርትራ ናብ ዓብን ንእሽቶን፡ ሰብኣይን ሰበይቲን፡ ምሁርን ዘይምሁርን ቅሳነት ዘይረኸበላ ሃገር፤ናብ ጅብሃን ሻዕብያን ብታሪኾም ዘይኰርዑላ ሃገር፣ ናብ ሃይማኖታታን ብሄራታን ዘይተኸብር ሃገር ለዊጦምዋ። እቲ ብናይ ብዙሕ ዓመታት ተሪር ቃልሲ ምሉእ ህዝቢ እተሃንጸ ኤርትራዊ ሃገርነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓጺር ዓመታት ኣብ ጥቓ ብርሰት በጺሑ። ፍልልይ ኣውራጃን ቋንቋን ሃይማኖትን ብሄርን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ከም ዝዓምቑ ምግባር እቲ ዝኸፍኤ ኣበርክቶ ናይ ኢሳያስን ህግደፍን ኢዩ።

ብሓጺሩ እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት መንጸብረቕታ ናይ'ቲ ልዕሊ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ንሃገራዊ ነጻነቱ፡ ንሰብኣዊ መሰላቱ፡ ንሓርነቱ ዝተቓለሰ ህዝቢ የብሉን። ብስስዔን ደረት ዘይብሉ ጭካኔን ተገኒዙ፡ ንብጾቱን መቓልስቱን እናቐንጸለ ዝመጸ ስርዓት እዩ። መበል ዕስራ ክፍለ ዘመን ኣብ ዝድመደመሉ ንተሓኤ ቀንጺሉ፡ መበል 21 ክፍለ ዘመን ኣብ ዝጅመረሉ ድማ ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ቀንጺሉ። ኣብ ኤርትራ ዝተራእዩ ፖሊቲካዊ ምዕባሌ ከም ናይ ማእከላይ እፍሪቃ ረፑብሊክ ቦካሳ ከም ናይ ኡጋንዳ ኢዲ ኣሚን ዝኣመሰሉ ሕልና ዘይብሎም ዲክታቶራት ክትርኢ ኣይትክእልን እያ ተባሂሉ ክእመን ዝጸንሐ ኣምር ሕጂ ብተግባር ኢሳያስ ፍሩስ ኰይኑ እዩ። ንሳቶም እውን ኣብ ዘመኖም ከም ኢሳያስ ገበርቲን ሓደግትን ኮይኖም ኩሉ ዝኽእሉን ኩሉ ዝፈልጡን ይመስሎም እንዶ ኣይነበረን። ስለዚ እዚ ስርዓት እዚ ብዝቐልጠፈ ጊዜ እንተዘይለጊሱ ንሃገርና ዝኸፍኤ ኩነታት ከጋጥማ ይኽእል ኢዩ ጥራይ ዘይኮነስ ከጋጥማዩ። ኣትሪርና ንቃለስ እንብል ዘሎና ከኣ እቲ ዝኸፍኤ ከይመጽእ ኢዩ።

## ዅነታት ውድብና

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብብዙሕ መዐቀኒታት እተማልኤ ስእሊ ናይ ጽባሕ ኤርትራን፡ መንጸበረቕታ ባህግታት ህዝብናን ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ልሉይ ውድብ ኢዩ። ውድብና ነዚ ዝሓለፈ 5 ዓመታት፡ ከምቲ ቐደም ጀሚሩ ዝዓሞ ዝነበረ ዕማማት እናዓመመ ኢዩ ኣሕሊፉዎ፡- ማለት

- መጀመርያን ልዕሊ ኹሉን፡ ነቲ ጋኔን ስርዓት ህግደፍ ዝያዳ ኣብ ምኽሻሕን ምቕላስን፤
- ምስኡ ኣተሓሒዙ ኸኣ ንዲሞራሲያዊ መትከላትን ንስርዓተ ሕግን ኣብ ምክልኻል፤
- ሓባራዊ ዕዮን ጥዑይ ዝምድናን ሓይልታት ደንበ ተቓውሞ ንምርግጋጽ ምቅላስ
- ንሓድነት ህዝብና ዝሕሉ መትከላት ንዘፍርሱ ኣብ ምምሃርን ኣብ ምግናሕን፣
- ከምኡ ኸኣ ንፖለቲካዊ ነጻነቱን ፖለቲካዊ ነጻነት ጠቕላል ደንበ ተቓውሞን ኣብ ምክልኻል።

ነዚ ቅዱስ ዕማማት እዚ እናኣካየደ ከሎ፡ ካብ ጥቅምቲ 2002 ጀሚሩ ንውሽጣዊ ሓድነት ውድብ ንሓደጋ ዘሳጥሕን ንምፍንጫል ዝዕድምን ብዙሕ ብድሆታት እተጓነፎ። እቲ ብሰነ 2003 እተዛዘመ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ነቲ ብቀይዲ ሕጊ ዘይተማእዘዘ ምስሕሓብ መደምደምታ ዝኾኖ ታሪኻዊ ውሳኔታትን ምትዕጽጻፋትን ገይሩ ኢዩ። ኰይኑ ግን እቲ ዘንቀደ ንኡስ ሓይሊ ብዙሕ ከይከደ ካብ ውድብ ምፍላዩ ኣዊጁ፤ ንመላእ ደንበ ተቓውሞ ከኣ ናብ ሻቕሎትን ጊዜ ብከንቱ ናብ ዝበልዐ ምስሕሓባትን ኣእቲዩዎ። ታሪኽ ንሓላፍነት ናይቲ ብኸንቱ ዝጠፍኤ ጊዜ ንመን ከም ዘሰክሞ ከኣ ድሮ ርዱእ ኰይኑ ይርከብ። ምዑት መሰረታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ከም ቀደሙ ብትብዓት ኣብ ጐድኒ ሕጋዊ መሪሕነቱ ደው ኢሉ። እዚ ዘይብሃል ተወፋይነትን ጻዕርን ብምግባር ከኣ ነቲ ውድብ ኣብ ባህርያዊ ቦትኡ መሊስዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝያዳ ብህዝቢ ዝእመንን ተስፋ ዝንበረሉ ናይ ዓወት መራሕን ምኳኑ ኣመስኪሩ።

እዚ ጕዕዞ'ዚ ብመስዋእቲ ጅግና ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ከይኩለፍ ዝሰግኤ ቅኑዕን ልቦና ዝመልኦን ኤርትራዊ ውሑድ ኣይነበረን። ርግጽ እዩ፡ ናይ ሓርበኛ ስዩም መስዋእቲ ንመላእ ውድብ ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣእትዩዎ እዩ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ዘረጋግጾ ዝነበረ ዓወታት ንምዕቃብን ንምምዕባሉን ንውድብና ናብ ዝሓየለ ቦታ ንምቕማጥን እዚ ዘይበሃል ብድሆታት ነመሪሕነት ኮነ ንመላኣ ኣባላት ገጢምዎ እዩ፡ ኰይኑ ግን፡ እንደገና ውድብና ነዚ ከቢድን ሓዲሽን ብድሆ'ዚ ብብቕዓት መሊሽዎ። በዚ መሰረት ሰውራዊ ባይቶ ዝወሰዶ ውሳኔታትን እቲ መሰረታት ዝገበሮ ተባዕ ስጕምትታትን ንውድብና እተዓጻጸፈ ስምን ክብርን ኣልቢስዎ። ሎሚ ተሰማዕነት ውድብና ኣብ ከባብን ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያንን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሑ ምህላዉ ንጉባኤኛታት ከነበስር ኣድላይ ኰይኑ ንረኽቦ።

## ደንበ ተቓውሞ

ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ዋላኳ ካብ ሃገራዊ ነጻነት ዝተኣወጀሉ እዋን ጀሚሩ ንኽዓኩኽ ዝፍትን ዝነበረ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ብምልላይ፡ ክምህ ዘይብል ደያቢ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ከካይድ ዝጸንሐ እንተኾነ፡ በቲ ብ2001 ኣብ ውሽጢ ስርዓት ህግደፍ እተራእየ ምግምማዓት፡ ዘይንዓቕ ምዕባለን ዓቢ ዝላን ገይሩ ኢዩ። ማለት ኣብዚ ዝሓለፈ 5 ዓመታት፡ ሓያለይ በርገሳዊ ማሕበራትን ፓለቲካዊ ምንቅንቓሳትን ናይ ዜና ማዕከናትን በቝለን፡ ነቲ ስርዓት ኣብ ምግላጽ ከኣ እጃመን ኣልዒለን። ኰይኑ ግን እቲ ካብ ውሽጢ እቲ ስርዓት ዝመጸ ሓይሊ ኣብቲ መጀመርያ ዓመታት ምስቲ ዝጸንሐ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ጥቡቕ ስራሕ ከካይድ ብዘይምኽኣሉን ሓድነቱ ዘይምሕላዉን፤ ብኻልእ መዳይ ድማ ኣብ መንጎ እቲ ዝጸንሐ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ስጡምን ሓላፍነታዊን ሓባራዊ ዕዮ ክካየድ ዘይምኽኣሉ፡ ንምዕባለ ደንበ ተቓውሞ ከቀላጥፎ ኣይከኣለን። እቲ በርገሳዊ ምልዕዓላትውን እንተኾነ በቲ ናይ ኣጀማምርኡ ናህሪ ኣይቀጸለን። ምስ እዚ ኹሉ ተደሚሩ'ውን እቲ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተረኽበ ጸገማት ኮነ ካልእ ምፍንጫላት ንደንበ ተቓውሞ ንቕድሚት ከሰጕሞ ኣይከኣለን።

እቲ ብ2005 ዝቖመ ሓዲሽ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከም ንጡፍ ኣባል ብምርካቡን፡ ኣካላት ህዝባዊ ግንባርን መንግስትን ዝነበሩ ኣብቲ ኪዳን ክሳተፉ ብምኽኣሎምን፡ ዝያድ ትስፉው ናይ ተቓውሞ ምትእኽኻብ ኰይኑ ተራእዩ። በዚ እተባህለ መዐቀኒታት ሓደ ስጕምቲ ንቕድሚት እኳ እንተተኸደ፡ እቲ ኪዳን ከማልኦ ዝነበሮ ዕማማት ብዙሕ ስለዝተረፎ፡ ንሓያለይ ኤርትራውያን ከም ኣዕጋቢ መተካእታ ነቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ስርዓት

ኰይኑ ኣይተራእየን። ካብቲ ቀንዲ ጕድለታቱ ከኣ ኣብቲ ቻርተርን፡ ቅዋምን ብዝሒ ኣባል ውድባቱን ኢዩ። ብዙሓት ከም ዝግምትዎ፡ ዝበዝሐ ኤርትራዊ፡ ሓንቲ ብማሕለኻታት ሃይማኖትን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ፍልልያትን ዘይትቕየድ ሃገር ክሃንጽ ኢዩ ዝደሊ። እቲ ብዛዕባ ሃይማኖታትን ብሄራትን ኣብ ውሽጢ ቻርተር እተጠቕሰ ነጥብታት ምስዚ ድለይትዚ ዘይቃዶ ብምኳኑ፡ ንኪዳን ከም ዕላዊ ወኪል ህዝቢ ኤርትራ ብዘየማትእ ንኽፍለጥ፡ ወይ ድማ ብዝወሓደ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ግዙፍ ደገፍ ረኺቡ ዝሰፍሐ ክፍልታት ህዝቢ ክጥርንፍ ዘየኽእሎ መሰናኽል ኰይኑ እዩ። ብተወሳኺ ውድባት ኪዳን ኣብ ኣበርክቶኦምን ጽልዋኦምን፡ እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ዓቢ ፍልልያት እናሃለዎ፡ ከም ማዕረ ዝኾኑ ውድባት ይቝጸር። እዚ ምትዕርራይ ዘድልዮ ጕዳያት ኢዩ። ነዚ ጸገማት እዚ ከጽንዕን ምምሕያሻት ከተኣታቱን ከኣዩ ናይ ኪዳን ጉባኤ ኣብዚ ዓመት እዚ ክግበር መደብ ወጺኡሉ ዘሎ። ጉባኤና ነቲ ጉባኤ ኪዳን እውን ከዓውት እናማዕደወ ኢዩ ስርሑ ዝጀምር ዘሎ። ካብዚ ቀጺልና እተጸምቄ ጸብጻባት ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካል ንጉባኤ ነቕርብ። ብሰንኪ'ቲ ኣብ ውድብና ብ2003 ዝተረኽበ ቅልውላው ዝተፈንጨሉ ኣካላት ብዝወሰድዎ ስጉምትታትን ምእካብ ጸብጻባት ናይ ኩሉ እቲ ኣብ ትሕቲኦም ዝነበረ ሓላፍነታት ኣዝዩ ኣሸጋሪ ከም ዝነበረ እናጠቐስና፡ ኣብ ገለ ጉዳያት እተማልኤ ናይ 5 ዓመት ጸብጻብ ክኸውን ከም ዘይክእል፡ ኩሉ ኣባል ጉባኤ ርዱእ ጌሩ ከም ዝወስዶ ንተኣማመን።

## ፖሊቲካዊ ውሳኔታት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ።

- ኣብ ኤርትራ ተተኺሉ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲን ምሕደራን ኩነታት ህዝብና ናብ ዝኸፍኤ ጥርዙ ይጕዓዝ ከም ዘሎ ብምግንዛብ፤
- ድሕነት ሃገርናን ህዝብናን ንኻልእ ግዜ ዘይመሓላለፍ ናይ ሎሚ ህጹጽ ጉዳይ ምኳኑ ብምርዳእ፤
- ብደረጃ ደንበ ተቓውሞ ነዚ ዘሎ ኩነታት ክገጥምን ክመርሕን ዝኽእል መሪሕ ሓይሊ ተደላይነቱ ኣዕዚዝና ብምርኣይ፤
- ውድብና ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ንዕማማት ናይ ሎምን ጽባሕን፡ ብቑዕን ድልዱልን ኰይኑ ክርከብ፡ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ፖሊቲካዊ ሰልፊ ክምስርት ተደላይነቱ ዕዙዝ ምኳኑ ብምግንዛብ፤
- ብሰንኪ'ቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝኽተሎ ዘሎ ምሕደራ ዝወርድ ዘሎ ግፍዕን ጭቆናን፡ ህዝብና ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ካብኡ ንምልቓቕ ዘርእይዎ ዘለዉ፡ ተቓውሞታት ብምግንዛብ፤
- ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝኽተሎ ዘሎ ግጉይ ዲፕሎማስያዊ ፖሊሲን ኣሰራርሓን፡ ንሃገርናን ህዝብናን ኣብ ተነጽሎ እናእተዎን፡ ናይ ወጻኢ ደገፍ እናኸልኦን ይኸይድ ምህላው ብምስትብሃል፤ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ፡ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣጽዲቑ፥

1. ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ዜጋታትን ፖሊቲካዊ ሓይልታቶምን፡ ክፉት ልዝብ ክካየድ ውድባዊ ቅሩብነቱ የረጋግጽ። ንመሪሕነት ውድብ ድማ ንምዕዋቱ ዝኽእል ኣድላይ ስጉምታት ንኽወስድ ይምዝዝ።
2. ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ምስ ዘለዎም ውድባት፡ ክሳዕ ምጽንባር ክበጽሕ ከም ዝኽእልን፣ ነዚ ንምፍጻሙ ድማ 6ይ ጉባኤ ንመሪሕነት ውድብ ሓላፍነት ኣሰኪሙ።
3. ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ክሰፍሕን ክድልድልን፣ ቻርተሩ ንኹሉ ከሰማምዕ ብዝኽእል መንገዲ ክምዕብልን፡ ብቑዕ ናይ ለውጢ መሳርሒ ክኸውንን ውድብና ኣወንታዊ ተራኡ ክዓምም ምኳኑ 6ይ ጉባኤ የረጋግጽ።
4. 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ፖሊቲካዊ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክምስረት ወሲኑ።
5. ካብ ስቓይ ኣምሊጦም ኣብ ሓድሽ ስደት ዝርከቡ ንዘለዉ፡ መንእሰያት ኮነ ብሃፈሻ ፡ ንደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ናይ ለውጢ ቃልሲ ተራኦም ንምዕዛዝ፡ ተገዳስነት ክግበረሉ፡ ጉባኤ ንመሪሕነት ሓላፍነት ኣሰኪሙ።
6. ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘሎ ህዝብናን ሰራዊትን ዘቕንዕ፡ ጽዑቕ ፖሊቲካውን ዜናውን ስራሓት ክካየድ ንመሪሕነት ሓላፍነት ኣሰኪሙ
7. 6ይ ጉባኤ፡ ንጉዳይ ስደኛታት ድሕሪ ምጽናዕ፡ ብዕቱብነት ክረኣይን፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ዝከታተል ኣካላት ውድብ ክበራብርን ክድንፍዕን፡ ንመሪሕነት ውድብ ሓላፍነት ኣሰኪሙ።
8. ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ ኣብ ጐድኒ ዝጭቆን ዘሎ ህዝብናን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ደው ንኽብል፡ ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ. ጽዑቕ ዲፕሎማስያውን ዜናውን ዕዮ ከዕዝዝ መሪሕነት ኣትኩሮ ክገብረሉ ወሲኑ።

# ዜናዊ ጸብጻብ

**1. ጸብጻብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**

6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ "ንለውጥን ዲሞክራስያዊ ሓድነትን ህዝብና ንቃለስ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ብ23 ሓምለ 2006 ልክዕ ሰዓት 10፡30 ጀሚሩ። ኣዳራሽ ጉባኤ ብተሳተፍትን ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባትን ዕዱማት ኣጋይሽን ክሳዕ ዓንቀሩ መሊኡ ነይሩ። ብጻይ ገረዝጊሄር ተወልደ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ መድረኽ ብምምራሕ ንኹሎም ተሳተፍቲ ጉባኤ ዝኾኑ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ተዓዘብትን፥ ከምኡ ውን፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምምሕላፍ፡ ንዝኽሪ ናይ ሰማእታትና ንሓደ ደቒቕ ደው ክብሉ ጸዊዑ።

ብጻይ ገረዝጊሄር፡ ኣብ መእተዊ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ንመስዋእቲ ጅግና ስውእ ስዩም ዑቕባሚኬልን፤ ንውድብና ብፍላይ ንደምበ ተቓውሞ ድማ ብሓፈሻ ዘመዝገቦም ዓበይቲ ኣበርክቶታትን፤ መስዋእቱ ዝገደፎ ሃጓፍን፤ ኣብ ቅድሚ ውድብና ተደቒኑ ዝነበረ ብድሆታትን ብዝርዝር ጠቒሱ። ከምኡ ውን፡ ዓቢ መራሒና ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ድሕሪ'ቲ ወሪድዎ ዝነበረ ከቢድ ሕማም፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ምስታፉ ዝተሰምዖ ሓጐስን መጐስን ገሊጹ። ጉባኤኛታት፡ ንብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ደው ኢሎም ብምጥቃዕ ኣብ ልዕሊኡ ዘለዎም ኣኽብሮት ገለጹ። ኢብራሂም ውን፡ ንዝተገብረሉ ካብ ልቢ ዝመንጨወ ኣኽብሮት ብሰላምታ መሊሱ።

ብጻይ ገረዝጊሄር፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ንሕሉፍ ተመኵሮታት ብወድዕነትን ብጥንቃቐን ድሕሪ ምግምጋም፡ ንትጽቢታት ናይ ህዝብና ዘማልእ፡ ናይ መጻኢ መደብ ዕዮ ክሕጽንጽጽ ምኻኑ ኣሚቱ። ብድሕር'ዚ፡ ብጻይ ዓብዱልሙንዕም፡ ነቲ ብብጻይ ገረዝጊሄር ብትግርኛ ዝተዋህበ መግለጺ ብዓረብኛ ኣንቢብዎ።

ኣስዒቡ፡ ብጻይ ገረዝጊሄር፡ ነቶም ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተሳተፉ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ሓደ ብሓደ ብምዝካር ኣመስጊኑ። ንሳቶም ከኣ፡-

እቶም ናይ ደገፍ ቃል ዘቕረቡን ደገፎም ብመልእኽቲ ዝገለጹን ውድባትን ሲቪላውያን ማሕበራትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፤
2. ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፤
3. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፤
4. ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ፤
5. ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፤
6. ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፤
7. እስላማዊ ሰልፊ ንልምዓትን ፍትሕን፤
8. ዓዋተ ዶት ኮም፤
9. ኤርትራዊ ማእከል ኣገልግሎት ዜና
10. ማእከል ዓዋተ ንመጽናዕትን ዜናዊ ኣገልግሎትን (መጽሔት ኣልናህዳ)
11. ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ንዲሞክራስን ኣብ ስዊዘርላንድ (ኣባል ሲቪላዊ ማሕበር ኣውሮጳ)
12. ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኤርትራ፤
13. ተበግሶ ማሕበር መንእሰያት ጀርመን፤
14. ሓው ዑመር ጃብር ካብ ኣውስትራልያ፤
15. ሓው መሓመድ ስዒድ ዓንጠጣ (ሓደ ካብ ገዳይም መስረቲ ተሓኤ)
16. ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ (ጅዳን ርያድን)።

ክፍሊ ባህልን ሙዚቃን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ሱዳን ውን፡ መሳጥን ስምዒት ዘላዓዕልን ሙዚቃ ንተሳተፍቲ ጉባኤ ኣቕሪባ።

ስዒቡ፡ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤን ኣባል ሰውራዊ ባይቶን፡ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ንኣባላት ጉባኤን ዕዱማትን ምውቕ ሰላምታ ኣቕሪቡ። ብጻይ መሓመድ ኣደም፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝቐመትሉ ዕለትን ሓላፍነታን ኣገባብ ኣወኻኽላ ጉባኤኛታትን፤ ብዝሒ ተሳተፍትን፤ ከምኡ ውን፡ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘጋጠምዎ ብድሆታትን ኣገባብ ኣመኻኽንትኦም ብዝርዝር ገሊጹ። ብጻይ ሃይለ ገብሩ ድማ፡ ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብትግርኛ ኣንቢቡ።

**ቃል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡-**

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ናብ መድረኽ ገጹ ምስ ኣመርሐ፡ ጉባኤኛታት ደው ኢሎም ብጣቕዒት ተቐቢልዎ። ብጻይ ወልደሱስ ኣብ መግለጺኡ፡ መስዋእቲ እንተዘየጋጥም፡ ቃል ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ኢዩ ክንበቦ ዝግባእ

ነይሩ ኢሉ። ብድሕር'ዚ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ዝሓለፉ 5 ዓመታት ዝሓለፎም ጉዕዞታት ሓጺር መብርሂ ሂቡ። እቲ ንውድብና ኣጋጢሙ ዝነበረ ብድሆታት ውን ሳላ ጽንዓት ኣባላቱን መሰረታቱን ከምእተሰግረ ኣረጋጊጹ። ናይ ኣቦ መንበር ቃል፡ ብሓው መሓመድ ኣልኣሚን ተተርጒሙ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክቐርብ ኢዩ።

**ትካል ዲሞ-ሰላም፡-**

ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ምምስራት ናይ ትካል ዲሞ-ሰላም ንጉባኤኛታት ኣበሲሩ። ከምኡ ውን፡ እዚ ትካል'ዚ ብምትሕብባር ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ዓዋተ ዳት ካምን ስድራ ቤት ስውእ ስዩም ዑቕባሚካኤልን ከም እተመስረተ ሓቢሩ። ትካል ዲሞ-ሰላም፡ ከም ናጻን መኸሰብ ዘይብሉ ማሕበር መጠን፤ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ናጽነት ናይ ምዝራብን ዲሞክራስን ንምስፋን ዝዓለሙ፡ ሰሚናራትን ኣኼባታትን ናይ መጽናዕቲ ናይ ስራሕ ጋንታታትን ብምድላው መሰረታውን ኣወንታውን ለውጥታት ንምምዝጋብ ክጽዕት ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ንዝኽሪ ስውእ ስዩም ዑቕባሚካኤል እተዳለወ ንመስዋእቱ ኣመልኪቱ ካብ ብጾቱ መቓልስቱን ካብ ኣዕሩኽ ውድብናን ካብ ኣድነቕቱን መጒስቱን ዝተጻሕፉ ጽሑፋት ዘጠቓለለ መጽሓፍ ከምዘሎ ሓቢሩ። ሓሓደ ቅዳሕ ካብ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ውን፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ንእተሳተፉ መራሕትን ወከልትን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዓዲሉ።

6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብ24 ሓምለ ውን ልክዕ ኣብ'ቲ እተመደበሉ ሰዓት 9፡00 ናይ ንግሆ ጀሚሩ። ኣብ'ዚ መዓልቲ'ዚ፡ ብዛዕባ ገንዘባውን ወተሃደራውን ጸብጻባት ተዓዘብቲ ዘይተሳተፍዎ ክትዓት'ዩ ተኻይዱ። ጉባኤ ንተዓዘብቲ ክፉት እኳ ይኹን እምበር፡ ንተሃዋስነት ናይ'ዞም ክልተ ጸብጻባት እዚኣቶም ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብዘይካ ኣባላት ውድብ ዝኾኑ ጉባኤኛታት ካልኦት ክሳተፍዎ ኣይተፈቕደን።

ገንዘባዊ ጸብጻብ፡- ኣብ ገንዘባዊ ጸብጻብ ዝተኻየደ ክትዓት ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ዘጠቓለለ ጸብጻብ ኢዩ ነይሩ። እቲ ጸብጻብ፡ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ገንዘባዊ ትሕዝቶ ብሰንኪ'ቲ ኣብ'ቲ ውድብ ዘጋጠመ ምፍንጫል ብኣሉታ ተጸልዩ ምንባሩ ኣስሚርሉ። ኣብ'ዚ ፈታኒ እዋን'ዚ፡ ውድብ ብኣዝዩ ትሑት ዝኾነ ሚዛን ገንዘብ'ዩ ንጥፈታቱ ከካይድ ጀሚሩ። ሳላ ጽንዓትን ተወፋይነትን መላእ ኣባላቱ ግን፡ ውድብና ብኽልተ እግሩ ደው ክብልን ክቕጽልን ክኢሉ። ቀንዲ ምንጪታት ውድብ ከኣ፡ ወርሓዊ ክፍልታት ኣባላትን ወፈያታትን ካልእ ከም ምሻጥ ቪድዮታት ዝኣመሰሉ ውድባዊ ንጥፈታትን ምዃኖም ተሓቢሩ። ከምኡ ውን፡ ገለገል ዝተፈተኑ ዕዉታት መደባት ናይ ወፍሪ ርእሰማል ከምዝነበሩን፥ ሓደስቲ መደባት ወፍሪ ርእሰማል ንምውሳኽ ድማ፡ ቀጻልን ዕቱብን መጽናዕትታት ይካየድ ኣሎ።

ወተሃደራዊ ጸብጻብ፡- ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ብምጥቃም ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝቃለስ ውድብ ምዃኑ ዝፍለጥ ኢዩ። እዚ መዳይ'ዚ ዝጠልቦ ዓቕሚ ኣዝዩ ከቢድ ስለዝኾነ፡ መሪሕነት ውድብ፡ ምስ ዓቕሙ ዝመዛዘን ስጉምቲ ክወስድ ሓላፍነት ተሰኪሙ'ዩ ጸኒሑን ዘሎን።

ብድሕር'ዚ ምሉእ ምሸት፡ ጉባኤኛታት ብዛዕባ እዞም ክልተ ጸብጻባት እዚኣቶም ክሓቱን ርእይቶኦም ክገልጹን ተፈቒዱሎም። መሪሕነት ስልጣኑ ንጉባኤኛታት ኣረኪቡ ስለዝነበረ ከኣ፡ ዝኾነ ኣባል ጉባኤ፡ ንዝቐርቡ ዝነበሩ ሕቶታት ክምልስ ዕድል ይውሃቦ ነይሩ።

**መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ወዲሸሪፈይ፡-**

እዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻሙናይ ክፍሊ'ዩ ዝምህር። እቲ ዘሎ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ንድሌታት ናይ ተመሃሮ ብዘማልእ ኣገባብ ኣብ መጻኢ ምምሕያሻት ክግበረሉ ዘለዎ ምዃኑ ኣብ'ቲ ጉባኤ ተኣሚቱ። ነዚ መደብ'ዚ ዘጽንዑ ባእታታት ውን፡ መሪሕነት መዚዙ ምንባሩ ተሓቢሩ። ተመሃሮ፡ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ድሕሪ ምዝዛሞም፡ ንዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክቕጽሉ ዕድል ከምዘይብሎም ተገሊጹ። ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ድማ፡ ኩሉ ዝከኣል ጻዕርታት ክካይድ ከምዝግባእ ተኣሚቱ።

**ቊጠባዊ ሃለዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት፡-**

ድሕሪ ናጽነት ሃገርና፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ይኽእሉ ኢዮም ብዝብል ምስምስ፡ ኩሉ ክውሃቦም ዝጸንሐ ሓገዛት ከምዘቋረጸ ዝዝከር ኢዩ። ደገፍ ኣድላዪ እንተኾይኑ ውን፡ መብዛሕትኣን መንግስታትን ናይ ሰብኣዊ ረዲኤት ውድባትን፡ ነተን ክድገፋ ኣለዋ ተባሂለን እተወሰነለን ሃገራት ጥራይ ኢየን ዝድግፋ። ስለ'ዚ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ከም ስደተኛታት ቅቡላት ንክኾኑን ካብ ለገስቲ ሃገራት ዘድሊ ደገፋት ክውሃቦምን ዕቱብ ጽዓታት ይካየድ ኣሎ።

**ውጉኣት ሓርነት፡-**

ውግኣት ሓርነት፡ ብዕድመ እናደፍኡ ይኸዱ ስለዘለዉ፡ ዝያዳ ቀላሕታን ክንክንን ከምዘድልዮም ውን ተኣሚቱ። ኩሉ ኣባል ድማ፡

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ወፈያታት ከበርክት ከምዝግብኦ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ስርርዓውን ዜናውን ሕብረተ-ሰብኣውን መዳያት ናጻ ተዓዘብቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ኣኼባታት ዕቱብ ዝኾኑ ክትዓት ብድሕሪ ምክያድ፡ ዝቐረበ ጸብጻብ ብምሉኡ ጸዲቑ። ሓደ ናይ ተቓውሞ፡ ሓደ ከኣ ናይ ተዓቕቦ ድምጺ ኣመዝጊቦም።

2. ሓድሽ ሰውራዊ ባይቶ ሓድሽ ፈጻሚ ሽማግለ መሪጹ

ኣብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብዕለት 27 ሓምለ 2006 እተመርጸ ሓድሽ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብ28 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባኡ 9 ዝኣባላቱ ሓድሽ ፈጻሚ ሽማግለ መሪጹ።

እዚ ብ33 ቀወምትን ብ4 ተጠባበቕትን ኣባላት ዝቖመ ሓድሽ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ 7 ኣባላት ዝነበርዎ ፈጻሚ ሽማግለ ናብ 9 ክብ ክብል ብምውሳን፡ ናይ ነፍስወከፍ ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ዕማማት ውን ነጺሩ።

ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባኡ ብቐዳምነት ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ኢዩ መሪጹ። ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ድማ፡ ምኽትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎ 9 ዝኣባላቱ ፈጻሚ ሽማግለ ብምሕጻይ ሰውራዊ ባይቶ ንኽጸድቖ ኣቕሪቡ። ሰውራዊ ባይቶ ድማ፡ ነቲ ዝቐረበሉ ብዝሒ ኣብያተ-ጽሕፈትን ነቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ክመርሑ እተሓጽዩ ኣባላትን ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቑ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ ጠቕላላ ተቖጻጻርን ኣፈ ባይቶን ሰክረተርን ውን መሪጹ።

ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባኡ፡ ነቲ ጉባኤ ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን መደብ ዕዮታት ዘተኣታተዎም ሓደስቲ ለውጥታትን፤ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘመሓላለፎም ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ደጊሙ ድሕሪ ምርኣይ፥ ንፈጻሚ ሽማግለ ኣብ ግብሪ ከውዕሎም ሓላፍነት ኣሰኪሞ። ጉባኤ ካብ ዘመሓላለፎም ኣገዳስቲ ውሳኔታት ሓደ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት፡ ንኸሉ ዝሓቕፍ ሰልፊ ንምምስራት ሰውራዊ ባይቶ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ዝብል ኢዩ።

ኣብ'ቲ ድሕሪ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ እተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ እተመርጹ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር፤
2. ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ምኽትል ኣቦ መንበር፤
3. ተኽለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታት፤
4. መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፤
5. ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት፤
6. መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፤
7. ብርሃነ ተስፋጋብር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ገንዘባዊ ጉዳያት፤
8. ጅምዕ ኣሕመድ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያት፤
9. መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት።

እዚ ካብ 23 ሓምለ ክሳብ 27 ሓምለ 2006 እተኻየደ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ፡ ክልተ ደቂ ኣንስትዮን ክልተ ትሕቲ 30 ዝዕድሚኦም መንእሰያት ዝርከብዎ ሰውራዊ ባይቶ ከምዝመረጸ ዝዝከር ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ፡ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ዝመረጾም ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

10. ዓብዱ ሓሰን
11. ዓብዱልቓድር ሀብትየስ
12. ኣለም ዮውሃንስ
13. ኣማኒኤል ሃብተ (መንግስቱ)
14. .ብርሃነ ኪዳነ
15. ፍስሃየ ሓጐስ
16. ገርግሽ ነጋሽ
17. ገረዝጊሄር ተወልደ
18. ሃብተማርያም ክፍለ
19. ሃይለ ገብሩ
20.. ሓጅ ሳልሕ ጀውሃር
21. ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ
22. ኢድሪስ እስማዒል
23. ዒሳ መሓመድ
24. መንሱር ስራጅ
25. መሓሪ ተስፋማርያም
26. መሓመድ ኣሰሎ
27. ንጉሰ ጸጋይ
28. ረዘነ ልኡለቃል
29. ሲራክ ዘመንፈስ
30. ተኽለሰንበት ተኽላይ
31. ጸጋይ መዝገበ
32. ጽርሃ ሰለሙን
33. ትኩእ ተስፋይ

ተጠባበቕቲ ኣባላት

1. ዑስማን ኣሕመድ
2. መሓራይ ሓጐስ
3. ዓብዱልቓድር ኣልዑግድ
4. ኣንቶንዮ ተስፋይ




6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ
23-27 ሓ,ምለ 2006